# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.273 | ቀዳም 15 ሓምለ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ስነ-ስርዓት መመረቕታ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ



ገጽ 4
ገስጋስ ሕርሻዊ ምህርቲ. . .



ገጽ 5
ምድራዝ ኣካላት



ገጽ 7
ሙዚቃ፡ ኣእምሮ ቅድሚ ግዜኡ ዝተወልደ ዕሸል የማዕብል



ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድር ሓይሊ ኣየር




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ኣኼባ መራሕቲ መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን ተሳቲፎም ተመሊሶም



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ረፓብሊክ ግብጺ ናይ ሰለስተ መዓልታት ዕዉት ምብጻሕ ፈጺሞም - ትማሊ 14 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቀትሪ ተመሊሶም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ግብጺ ኣብ ዝጸንሕሉ፡ ምስ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲ ፍሉይ ርክባት ዘተን ኣብ ልዕሊ ምክያዶም፡ ኣብ ኣኼባ መራሕቲ መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን ተሳቲፎም።

ኣብቲ ምስ ፕረዚደንት ኣልሲሲ ዘካየዶ ርክብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ርእሲ ክልተኣዊ ጉዳያት - ነቲ ግብጺ ዝወሰደቶ ንምጋባእ ኣኼባ መራሕቲ መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን ኣሞጊሶም፣ ክልቲኦን ሃገራትን ጉረባብቲ ሃገራትን - ሱዳን ኣትያቶ ካብ ዘላ ዓዘቕቲ ንምውጻእ ክወስዳኦ ብዘለዋ ዘለወን፡ ከምኡ'ውን ከካይዳኦ ብዘለዋ ዘለወን ጻዕሪ ተመያይጦም።

ናይ ኤርትራ መርገጺ፡ ጉዳይ ሱዳን ብሱዳናውያን ጥራይ ከምዝፍታሕ፡ ናይ ጎረባብቲ ሃገራት ተራ ድማ፡ ብዘተ ንሱዳናውያን ጉዳዮም ባዕሎም ክፈትሕዎ ምቹእ ሃዋህው ንምድላው ምዃኑ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ኣኼባ መራሕቲ መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን ኣብ ዝሃቦ ቃል እውን ዝ. ናይ ኤርትራ መርገጺ ኣጕሊሖም ኣቕሪቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መግለጺኦም፡ እቲ ኣኼባ ንድልየትን ረብሓን ሱዳናውያን ዘጸብርቕ፡ ንምትሕግጋዝ ሃገራት መዳውብቲ ሱዳን ዘደልድል፡ ከምኡ'ውን ናይ ሱዳናውያን ደገፍ ዘለዎ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

በቲ ኣጋጣሚ፡ ምስ ፕረዚደንትታት ረፓብሊክ ጫድ - መሓመድ ደቢ፡ ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን - ሳልቫኪር ሚያርዲት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኢትዮጵያ - ኣቢ ኣሕመድ ተራኺቦም ኣብ ክልተኣዊ ጉዳያት ተመያይጦም።

ብዘይካ'ዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ በቲ ኣጋጣሚ ምስ ኣገደስቲ ሱዳናውያን'ውን ተመያይጦም።

## ማይ-ዓይኒ - ጻዕሪን ተወፋይነትን መማህራን ተናኢዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ብ6 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ኣኳዳምያዊ ገምጋም፡ ተወፋይነትን ተባላሓትነትን መማህራን ኣብ ማዕርሒ ምምሃርን ምስትምሃርን ተናኢዱ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሀብትዝጊ ኪዳኑ፡ መማህራን - ኣብ ተመሃሮ ባህሊ ንባብ ክሰርጽን ወርቃውያን ሕግታት ቤት-ትምህርቲ ክኽበርን ዘካይድዎ ጻዕሪ ዝምስገን ምዃኑ ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ጠዓመ ፍትዊ ኣብዮት-ትምህርቲ፡ መበዝሕትኦን - ህንጻታተን ኣብ ደሓን ኩነታት ከምዘለዋ፡ ኣብ ውሑዳት እርጋንን ዋሕዲ ክፍልታትን ስለዘሎ ግን፡ ምስ ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ህዝብን ብምትሕብባር ንምፍታሑ ጻዕርታት ይካየድ ምህላዉ ገሊጹ።


እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ - ናይ 11 ክፍሊ ትምህርቶም ዛዚሞም ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምቕጻል፡ ኣብ መበል 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሃገራዊ ግቡኦም ንምፍጻምን ናብ ሳዋ ንዘወርዱ ተመሃሮ፡ ሰሚናር ተዋሂቡ።

ነቲ ኣስተምህሮ ዝሃበ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይካኣሎ ኣብ ኣገልግሎት ምኽርን ማዕዳን ዝጥፉ መንእሰያት፡ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ተወዳደርትን ተማላእትን ክኾኑን - ሓድሕዳዊ ፍቕሪ ሰናትን ሓድነትን ከደልድሉን ኣጉዲሱ ከምዝኾኑ ጠቒሶም፡ ዝ. ብዝምልከ ክኸስቡ ኣተሓሳሲቦም።

እቶም ናብ ሳዋ ዝወርዱ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዓዲ-ኳላ 414 እዮም።

## ማእከል - ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ብዝተወደበ ኣገባብ ጀሚሩ

ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዞባ ማእከል፡ ብዝተወደበ ኣገባብ ክቕጽል ከምዝጀመረ



ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ናይ'ቲ ዞባ ሓላፊ ወፍሪ ክረምታዊ ማእቶት ተመሃሮ መምህር ጉይትኦም የማነ ሓቢሩ።

ናይ ለሚ ዓመት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምክትታል ድሕነት ትራፊክ ጸርግያን፡ ምጽፋፍ ሰውራት ዘጠቓልል ምዃኑ ዝሓበረ መምህር ጉይትኦም፡ ኣብቲ ወፍሪ 120 ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰው-ኪነት ዝርከብዎም 8430 ተመሃሮ ኣብ 35 ነቑጣታት ገጠርን ከተማ ኣስመራን ክሳብ 15 ነሓሰ ኣብ ንጡፍ ማእቶት ክጸንሑ ምዃኖም ኣረዲኡ።

ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ንተመሃሮ ኣብ ሓድሕዶም ሰናትን ምርድዳእን ከምዝፈጥረሎምን ናይ ስራሕ ልምዲ ከጥርዩ ከምዝሕግዞምን ብምዝኽኻር፡ ለሚ ዓመት ኣብ'ቲ ወፍሪ - 383 ሽሕ ንመትከሊ ፈልሲ ገረብ ዝኾውን ጉዳጉዲ ተኻዒቱ ፈልሲ ክትከሉ፡ 767 ሽሕ ሄክታር ሓደሽ ቀናታዊ ዛላ ክሰርሑ፡ 40 ሽሕ ኣግራብ ክኹስኩሱ . . መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ መደብ ከኢላታት ሕርሻ፡ መማህራንን ኢጋር ሓካይምን ዝርከብዎም 308 ኣለይቲ ከምዝተመደቡ እውን ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ማእከል ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ካብ 1994 ክሳብ 2017 ካብ ዝተተኸለ ልዕሊ 11 ሚልዮን ፈልሲ



ገረብ - እቲ 85 ሚእታዊት ከምዝጸደቐ፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ

ዳህላክ ነጋሲ

ዘለናዮ ወቕቲ፡ ኩሉን ዓበይትን ንኣሽቱን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ንዓመት መመላእታ ክህቡኦ ዝጸንሓ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዝዛዝማሉ እዋን'ዩ። ተመሃሮ ፍረ ጻዕርም ዝሓፍሱሉ ስለ ዝኾነ፡ እዋን ፈሲታን ሓጎስን እዩ። ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ'ውን፡ ተኻፈልቲ ናይዚ ሓጎስን ፈሲታን ኩይናም ቀጺሎም። ብኽልስ-ሓሳባውን ግብራውን ንኽልተ ዓመት ክሰልጥኑ ድሕሪ ምጽናሖም፡ ዝሓለፈ 1 ሓምለ 2023 ተመሪቖም። ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ኣብ መኣዲ ፍልጠታ፡ ብዙሕ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ፈርዩ እዩ። እቶም ኣብኡ ፍልጠት ዝጸጠቑ ዜጋታት፡ ሎሚ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ተዋፊሮም እጃሞም የበርክቱ ኣለው።

ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ሰብን ሃገርን ብንፃህሉ ዝተገንዘበ መንግስቲ ኤርትራ፡ እቲ ኣገልግሎት ኣብ ከተማን ሓወሲ ከተማን ከይተሓጽረ - ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ንኽዝርጋሕ፡ ልዑል ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ቁጽሪ ተመሃሮን ኣብያተ-ትምህርትን ብቐጻሊ እናበረኸ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ቁጽሪ ኩለኛት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ስነ-ኪነትን ንግድን ኣኣብ ጸባሕ ይዛይድ ኣሎ። ተሳትፎ ክልተኡ ጾታ ኣብ መዓይ ትምህርቲ ተመጣጣኒ እናኾነ ይመጽእ ብምህላዉ'ውን፡ ብልጽግቲ ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ዕዙዝ ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ርእሱ-መምህር እታ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ወረደ፡ እታ ንመበል 62 ግዜኣ እተመርቕ ዘላ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ኣብ ታሪኽ ኪነታዊ ትምህርቲ ሃገርና መወከሲ ክኾና ካብ ዝኽእላ ቀዳሞት ትካላት ትምህርቲ ምዃና ሓቢሩ። እታ ቤት-ትምህርቲ ኣብ 1954 ድሕሪ ምምስራታ፡ ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ንኣስታት 70 ዓመታት ኪነታዊ ትምህርቲ ከምዝዘርግሐ፡ ሕጂ'ውን ገና ኣብ ምሃብ ከም ትርከብን ዝጠቐሰ ኣቶ ሰመረ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ብሸውዓተ ዓውደ-ሞያ ዝሰልጠኑ 53 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 182 ተመሃሮ ከም ዝመረቐት ገሊጹ። በዚ መሰረት፡ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ኣብ ታሪኻ ብጠቕላላ ኣስታት 10 ሽሕ ሞያውያን ኣመሪቓ ናብ ስራሕ ዓለም ከም ዘዋፈረት፡ ኣቶ ሰመረ ወሲኹ ኣረዲኡ። እቶም ተመረቕቲ፡ ብዓውደ-ሞያ ሓፈሻዊ ስነ-ህንጻ፡ ሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺን፡ ሓፈሻዊ ጽርበት ዕንጨይቲ፡ ጽርበት ሓጺን፡ ኤሌክትሮኒካዊ ዕዮ፡ ስርሓት ኤሌክትሪሲቲን ዕረያ ማኪናን እዮም ሰልጢኖም።

ኣቶ ሰመረ ኣብ መግለጺኡ፡ "ኩሎም ተመረቕቲ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት ናይ'ዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት፡ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ ካልኣይ ደረጃ ድሕሪ ምውሳዶም፡ ናይ ክልተ ዓመት መደብ ትምህርቶም ዛዚሞም፡ ኣብቲ ዝጸበዮም ዘሎ ናይ ስራሕ ባይታ ክይተጸገሙ ክበጽሑም ዝኽእል ድሕነትን ስራሕን ዘቐድመ ኪነታዊ ክእለትን ዓጢቖም ይምረቑ ምህላዎም ነረጋግጽ። እቲ ብበሃርኡ ዝበዝሐ ማለት ንዋት፡ ምኩር ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ዝሓትት ክንሱ፡ ግን ከኣ ብቑጽሪ ኣዝዩ ውሑድ ዓቕሚ ሰብ ክምሃር ዝፈቕድ ክፍሊ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ልዑል ቁጠባዊ ዓቕሚ ዘውንኡ ስድራ-ቤታት ጥራይ ዝግልገልሉ ጽላት ትምህርቲ ምዃኑ ኒይሩ። እንተኾነ፡ ስርዓተ-ትምህርቲ ሃገርና ፍትሕን ማዕርነትን ብዘረጋግጽ ኣገባብ፡ ንኹሉ ኣካላት ሕብረተሰብ ማዕረ ብዝሳተፍ መንገዲ፡ ብዝዩ ዝኾነ ክፍሊት ንዜጋታት ናጻ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ዝህብ ብምዃኑ፡ ተመረቕቲ ደቅና ብምዕሩይ ሰታፊ ኣብዚ ደረጃ'ዚ በጺሖም ይርከቡ፡" ኢሉ።



ኣሰዒቡ ድማ፡ ወለዲ ደቆም ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንኽበጽሑ ዘፀደዎ ወፍሪ ልዑል ምንባሩ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ተመረቕቲ ደቆም ልዑል ስዑምጎር፡ ናይ ስራሕ ባህልን ሃገራዊ ንቕሓትን ዓጢቖም ንኽወፍሩ ስድራ-ቤታዊ ምኽሮም ክየዕዝዙ ኣዘኻኺሩ። ተመረቕቲ ድማ፡ ዓጢቖሞ ዘለዉ ደረጃ ሞያዊ ፍልጠትን ክእለትን ንህዝቦምን ሃገሮምን ከገልግሉሉ ሓላፍነት ስለዘለዎም፡ ነዚ ሓላፍነት'ዚ ንምዕቃብ ሪም ዝሰረቱ ሰፊሕን ሰፖምን ሓብራዊ ኣጠማምታ ክህልዎም ከም ዝግባእ ኣገንዚቡ። ነዚ ኣጠማምታ'ዚ ዘዕብዩ ካብ ወለዶታት ንዝተወርሱ ብሉጻት ክብርታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ሃገራዊ ቃልሲ ንዝተጠርዩን ዝተሃንጹን ክብርታት ከም መወከሲ ክኽተልዎም ተማሕጺኑ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ "ብቕዓት ኪነታዊ ትምህርቲ ብግዜ ተቐሚጢሩ ኣብ ምልኩዓት ህንጻታትን ዝፍተ ኣብያተ-ዕዮን ጥራይ ዝበጽሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ባይታ ብልዑል ጻዕርን ትግሃትን ዝበጽሕ ዕማም ምዃኑ ተረዲእኩም፡ ኣብ እትወፍሩዎ መደብ ስራሕ ሰረተ-ክእለትኩም ምእንቲ ከተደልድሉን ፍልጠትኩም ከተዕብዩን ብቐጻሊ ክትመሃሩ እላቦ" ብምባል ቃሉ ዛዚሙ።

ብርግጽ፡ ትምህርቲ ንምዕባለን ስልጣንን ደቂ-ሰብ፡ መተካእታ ዘይብሉ ኣገዳሲ ረቛሒ'ዩ። ብዘይ ትምህርቲ፡ ኩሉ ሰብኣውን ተፈጥሮኣውን ሃብቲ በረሰ እዩ። ዓለም ብሰላ ትምህርቲ፡ ነዚ ዘለናዮ ዘመን ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ክትበጽሖ ክኢላ። ኣብ'ቲ ጽላት ብቐጻሊ ፍሉይ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ንዚያዳ ርኽቦታትን ምዕባለን ዓበይቲ ወፍራታት ይካየድ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ብትምህርቲ ዘይተሃንጸ ዜጋን ሃገርን፡ ጉዳይ ናይ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ ... ጸገማት ስለዝኾኑ። ስለዚ፡ ቀጻልነትን ውሕስነትን ሃገር ንምርግጋጽ፡ ፍልጠት እቲ እንኮ መሳርሒ እዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ሰዩም፡ ኣብቲ ዕለት መመረቕታ ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ ኣብ ኣፍሪቃ ካብ'ተን ዝገደማ ኣብያተ-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ምዃና ድሕሪ ምሕባር፡ ካብ እተማስረተትሉ እዋን ኣትሒዛ ብዙሓት ክኢላታት ዘፍረየት፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ድማ ብዙሕ 'ውረድ ደይብ' ከም ዘሕለፈት ገሊጹ። ኣብዚ ግዜ፡ ዘበናዊ መሳርሒታት ብምዕጣቕ፡ ኣብ ጸቡቕ ቁመና ከምእትርከብ ድማ ሓቢሩ። ተመረቕቲ ካብ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ናብ ቦታ ዕዮ ደሲጋሩ ብምህላዎም ፍሉይ መድረኽ ከም ዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋይ፡ ንወፍሪ ቁጠባዊ ሓርነት ከም ወርቃዊ ዕድል መጠን ክረብሓሉ ኣዘኻኺሩ። ተመረቕቲ ወትሩ ከም ተመሃሮ መጠን ፍልጠት ንኽድልቡ ህርድግ ክብሉ እውን መኺሩ። ወከል ተመረቕቲ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እታ ዕለት ዝተፈለየ ምዕራፍ ዝገንጽሉላ፡ ካብ ተመሃሮ ናብ ኣፍረይቲ ዜጋ ዝሰጋገሩላ ከም ዝኾነት ገሊጹ። ኣሰዒቡ ከኣ፡ ተመረቕቲ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ክልሰ-ሓሳባዊ፡ ግብራዊ፡ ሞያውን ኣካዳሚያውን ትምህርቲ ብዝተረኽበ ፍልጠትን ዓወትን ክድሰቱን ንዓውቶም ክጸምብሉን ዝኾኖኡ እንተኾኑ፡ ኪዳኖም ብምጥማት ናይ ገዛእርእሶም፡ ህዝቦምን ሃገሮምን ረዚን ሓላፍነት ዝሰከሙላ ዕለት ምዃና ክየገንዘቡ ከም ዝኾኑ ኣዘኻኺሩ። ከም ተመረቕቲ ቴክኒካዊ ትምህርቲ መጠኑ ሃገር ብኢንዱስትርያዊ መዳይ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ንኽትሓኩር፡ እጅገኦም ሰብሰቦም ንስራሕ ድሉዋት ምህላዎም ኣረጋጊጹ። ኣብ መወዳእታ፡ ነቶም ፍልጠቶም፡ ተሞክሮኦምን ጺጋታቶምን ከይበቐቑ ኣብቲ ደረጃ ዘብጽሑ መምህራኑ፡ ወለድን መንግስትን ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ብዓጸፌታ ከም ዝኽሕሱ ብስም ኩሎም ተመረቕቲ ቃል ኣትዩ።

ካብ ኩሎም ተመሃሮ ስነ-ኪነት ኣስመራ ጸብለል ብምባል ምሉእ ነጥቢ (4) ብምምጻእ ጉብለል ዝኾነት መንእሰይ ሶልያና እስቲፋኖስ፡ ብዓውደ-ትምህርቲ ኤሌክትሮኒካዊ ዕዮ ዝተመረቐት እያ። እቲ ናይ ክልተ ዓመታት ማእርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ብኣዝዩ ውሑሉል ኣገባብ ዝተማእከለ ከምዝነበረ፡ ብፍላይ መምህራን ፍልጠት ኣብ ምስናቕ ብልዑል ትግሃትን ጻዕርን ብምዕያዮም ተራኦም ልዑል ምንባሩ ሓቢራ። ንሳ ወሲኻ፡ ኣብ መጻኢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ብምቕጻል፡ በቲ እትቕስሞ ተወሳኺ ፍልጠት ብወለንታኣ ንኻልኦት ተመሃሮ ክትደግፍን ክተካፍልን ልዑል ድሌት ከም ዘለዋ ሓቢራ።

ብዓውደ ኣውቶመካኒክ ዝተመረቐ ዊልያም ኣማኑኤል እውን ልዑል ነጥቢ (3.95) ብምምዝጋቡን ልዑል ስዑምጎር ዝውንን ተመሃራይ ብምዃኑን ኣብቲ ኢጋጣሚ ክልተ ሽልማት ክዕትር ክኢሉ'ዩ። ንሱ፡ ብዛዕባ ምስጢር ዓወቱ ክገልጽ እንከሎ፡ "ኣብቲ ዝተመሃርኩዎ ዓውደ-ትምህርቲ ልዑል ዝንባለ ነይሩኒ እዩ። ብተወሳኺ፡ ወለደይን መምህራነይን ብልዑል ነጥቢ ንኽምረቕ ልዑል ኣበርክቶ ነይርዎም።



ርእሰ-መምህር ሰመረ ወረደ

ወለደይ ጉና ካብ ንኡስ ዕድመይ ኣትሒዞም ብዝገብኦ ከሰኩሶም ሳላ ዘዕበዩኒ 'ዝለዓለ ስዑምጎር ኣሎካ' ተባሂለ ሽልማት ተዋሂቡ። ኣብ ተክኒካዊ ትምህርቲ ቡቲ ዝመረጽካዮ ዓውደ-ሞያ ምምራቕ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን፡ እቲ ኣገዳሲ፡ ነቲ እተደምዓሉ



ሶልያና እስቲፋኖስ

ዓውዲ ኣለሊኻ ንዘንባለኻ ብትምህርቲ ኣሰኒኻ ዕወት ምዃን እዩ። ስለዚ፡



ዊልያም ኣማኑኤል

መንእሰያት ነቲ እነድምዓሉ ሞያ ኣለሊና ብጻዕሪና ከሰፍሖን ከተማዕብሎን ይግባእ። በዚ ዝቐሰምናዮ ፍልጠት ድማ ንሕብረተ-ሰብና ናብ ጉደና ብልጽግና ከመርሽ ክንጽዕር ኣሎና።" ብምባል ርእይቶኡን ለበዋኡን ኣካፊሉ።

**የሃና፡ ንቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ንመምህራንን ተመረቕትን!!**




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# “ማሕበር ምትሕግጋዝ 1ይ ዙርያ ሃ/ኣገልግሎት፡ ካብ ኣያታትና ተጋደልቲ ዝወረስናዮ ቅዱስ ቅንኢ’ዩ” ኣካየድቲ ማሕበር

## ቃል-መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ- ሃለቃ)

ንክኣገሃል ሳዋ ዝመፁ መንእሰያት እዮም። ኣብ መኸተን ምኽባር ልኣላውነትን ከምኡ’ውን ህንጸት ሃገር ብሓደነት ስጢሞም ዝተቓለሱ ፈለምቲ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሕድሪ ሰውኣት ተቐቢሎም፡ ንታሪኽን ቅያን ኣያታቶም ዝደገሙ መንእሰያት እውን እዮም። ማዕሚር ስጡም ማሕበር ከይበተኹ፡ ሰኸም ጉዕዞም ከየዘበሉ ክንብ ለይቲ ለሚ፡ ኣብ ልምዓትን ሓለዋ ሃገርን ተዋፊሮም ይርከቡ። ብፍላይ ካብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ጀሚሮም ሓደ ቅዱስ ተግባር ብምሕሳብ፡ ብሓደሽ ውዳብ ኣብ ህዝቦምን ሃገሮምን ዘለዎም ፍቕሪ ንምግላጽ፡ ተወሲኺ ኣበርክቶ ኣብ ምፍጻም ይርከቡ ኣለዉ። ከም ወጻኢቱ ድማ፡ ዓቕሞም ዘፍቕዶ ሕልናዊ ንጥፈታት ኣብ ምትግባር ተበጊሶም ኣለዉ። ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ 1ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት።

ሓፈሻዊ ብዛዕባ ጥርናፌ ኣበርክቶኦምን ውዳቦኦምን ብዝምልከት፡ ምስ ኣቦመንበር ናይ’ቲ ማሕበር ኣቶ ጀማል ሳልሕ፡ ምኽትል ኣቦመንበር ኣቶ ኤርምያስ ዘገርግሽ፡ ከምኡ’ውን ምስ ጸሓፊት ማሕበር ወ/ሮ ዛይድ ንጉሰን ተሓዚ መዝገብ ኣቶ ሚኪኤል ተኽለን ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት ይስዕብ ሰናይ ንባብ።

**ሕቶ - ፈለማ ሓሳብ ናይ’ዚ ማሕበር ብኸመይ’ዩ ተበጊሱ?**

ጀማል ሳልሕ - ብቐንዱ ማሕበር ምትሕግጋዝ 1ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ዝነበረ መዘሙር እዩ። እቲ ኣብ ከልና ዝነበረ ዝዓበየ ሓሳብ፡ ብኸመይ ይጀምርን ይውደብን ጥራሕ’ዩ ነይሩ። በዚ ኢልካ በቲ ግን ኩሉ ኣባል



ኣቶ ኤርምያስ ዘገርግሽ

ዝሓለፎን ዝምጽኦን ዝነበረ እዩ። ኢጋጥሚ መበል 25 ብሩራዊ እየብልዩ ምጅማር ሃገራዊ ኣገልግሎት ከኑብዕል ኢልና ሳዋ ምስ ወረድና’ዩ እቲ ሓሳብ ዝቖልዐ። ኣብኡ ድማ፡ መዓት ሰብ ትተኣኻኸበ ማለት እዩ። ገለኣ እታ ትማሊ ኣብ ንኣገሃል ሳዋ ጭልቅዕ መንእሰይ ዝነበረት ድሮ ወላዲ ኣኺላስ ደቃ ክትርኢ ናብ ሳዋ ዝኸደት፡ ገለኣ ከኣ ንመበል 25 ዓመት ዝኸሪ ሳዋ ከተኑብዕል ኢላ ዝኸደት፡ ገለኣ ከኣ ኣባላት ናይ’ቲ መዓስከር ኮይና፡ ኣብኡ ዝጸንሐት’ያ ነይራ። እቶም ኣብ ሳዋ ዝጸንሑ ብጾትና ድማ ተቐቢሎምና። ድሕሪ’ቲ ወግዓዊ መኽፈቲ ናይ’ቲ ጽምብል ድማ፡ ሓደ ምሸት ደሃይ ሓድሕድና ንምፍላጥ፡ ንምዕላል፡ ዘኽርና ንምሕዳስ ኢልና ብሓደ ተኣኪብና ኣምሲና። እቲ ሰብ ምስ ተኣኻኸበ ድማ፡ እታ ሓሳብ ናይ ማሕበር ኣብዚኣ’ያ ትቖቅል። ናይ ነፍሲ-ወከፍ ድሌት ስለዝነበረ፡ ‘ስለምንታይ ኢና ኣብ ዓመት ነዚ ተራኺብናሉ ዘለና ባይታ ብምፍጣር ዘይንራኸብ’ ካብ ዝብል ሓሳብ ከኣ ክበገስ ክኢሉ። ማሕበር ንኽንቕውም ድማ ተሰማሚዕና። ኣብኡ እንከለና ሽዑ ንሽዑ ዝዓም ሕጂ ትርኢዩና ዘለኻ ኣርባዕተ ሰባት፡ “እሺኻትኩም ኑቲ መደብ ሓዝዎም ምርሑና” ኩሉ ዘድሊ ነገራት ከኣ ኣብ ጎድንኹም ኣለና፡ ክንሰዕበኩም ኢና፡



ኣቶ ጀማል ሳልሕ

ስለ’ዚ ይጀመር’ ዝበል ናይ ሓባር ርእይቶ መጺኡ። ብጠቕላላ ኣብ’ታ እዋን ኣስታት 80 ንኸውን ሰባት ኢና ነይርና። ሽዑ ከምኡ ተበሂልና ኣስመራ ምስ መጻእና ከኣ፡ ጉዕዞ ናይ’ቲ ማሕበር ‘ምምስራት’ ዝበል ሓሳብ ብቐጥታ ይፍለም ማለት እዩ። ማዕረ-ማዕረና ዝኾኑ ኣባላት’ውን ነይሮምና። ተጓይና-ተጓይና ድማ፡ ኣብ’ዚ ሕጂ ትርእዩ ዘለኹ ደረጃ በጺሕና ማለት እዩ። ብሓፈሻ ግን፡ እቲ ንቕሎን ኣቢጋግሳ ናይ’ቲ ማሕበርን ከም’ዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩልካ’ዩ ነይሩ።

**ሕቶ - እዚ ማሕበር ንኽትቕውም ዝደረኸ ምኽንያት ወይ ዕላማ እንታይ እዩ?**

ኤርምያስ ዘገርግሽ - ፈለማ፡ ብዛዕባ’ዚ ማሕበር ሓሳብና ንኽንዛረብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ዕድል ምርካብና ኣዚና ነመስግን። ብመሰረቱ መጠነሲና ከም’ዚ ብጻይ ጀማል ክገልጸልካ ዝጸንሐ እዩ። ኣብ ሓሳብ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል 1ይ ዙርያ ዝጸንሐ ራእን ዕላማን ስለዝነበሮ፡ እሞ ኸኣ ኣቐዲሞም ኣያታትና ‘ብማሕበር ምትሕግጋዝ ገድሊ’ ዝጸዋዕ ማሕበር ኣቝሞም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክገብሩ ስለዝጸንሑ፡ በጺሖም ዘለዉ ደረጃ’ውን ክንዕዘቦ ስለዝጸናሕና፡ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩና እዩ። እዛ ዕድል እዚኣ ምስ ተረኽበት ‘ናብ ከምኡ ዘይነዕብየ’ ብዝበል እቲ ሓሳብ መታን ከየምልጠና ክንሰርሓሉ ጀሚርና። መጀመርያ፡ እዛ ማሕበር ክትምስረት እንከላ፡ መበል 25 ዓመት ምምስራት’ቲ ዝኽሪ ክንገብር ካብ ሳዋ ምስ ተመለስና፡ ኣብ 14 መስከረም 2018 ሓንቲ መዓልቲ ንራኸበን ንተኣኻኸበን ማለት እዩ። ኣብ’ዛ ዝተራኸብናላ መዓልቲ ድማ፡ ሱጥቡቦዊን ማሕተታዊን ንጥፈታት ብምውዳብ፡ መዘናግዒ ምሸት ብምስራዕን ሂወትን ጉዕዞን ኣባላት 1ይ ዙርያ ብዘኽሪ ጸምቢልናዮ። ብድሕሪ’ዚ እዛ ፈላሚት ጉዕዞ ብኡ ገደራ ንድሕሪት ክትጉተት ስለዘይነበረ፡ ‘ጀሚርና ፋሕ ከይበላ የብልናን’ ዝበል እወታዊ ምንጪ ሓሳባት ከኣ ካብ ኩሉ ሰብ ፈልፈለ። ፋሕ ክትብል ስለዘይብላ ድማ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብወግዒ ተዘራሪብናን ሓቲትናን፡ ማሕበር ንኽትቕውም ድማ ፍቓድ ተዋሂቡና። ሕጂ እቲ ዕላማና እንታይ’ዩ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ዓመት ሓደ ወይ ክልተ ኢጋጥሚታት ጥራይ ንራኸብ፡ ብማሕበር ተጠርኒፍና ኣብ ምትሕግጋዝ ዘድሃበ መደብ ዘይንውድብ’ ዝበል ሰናይ ሓሳብ መጺኡ። ‘ካብ ከበና ሓሊፉ ኣብ ምለእ ሃገር ዝለዉ ጸገማት ዜጋታትና ንሕግዘሉ መንገዲ ዘይንፈጥር’ ዝበል ሓሳብ ኣብ ኩሉ ኣባል’ቲ ማሕበር ስለዝጸንሐ፡ ከም ራኢ ነዛ ዕላማ እዚኣ ሒዝና ድማ ተበጊስና።

**ሕቶ - ብኸመይከ ክትጥርነፉ ክኢልኩም?**

ዛይድ ንጉሰ - ብዛዕባ ጥርናፈና ዝምልከት እንተደኣ ኮይኑ፡ ሕጂ’ውን ናብ’ታ ሓይልናን ዋልታ ድርዕናን ዝኾነት መጠቢታና ሳዋ ኢና ክንመልሶ። ጽምብል ምምስራት ሳዋ ከኑብዕል ወሪድና። ፍቕሪ ዝዓለመ ምትእኽኻብ ስለዝነበረ፡ ከም’ዚ ዓይነት ጸቡቕ ዕድል ስለዝተረኽበ፡ መጠቢ ናይ’ቲ ወሀድ ጥርናፌ ኮይኑ፡ ከም’ዚ ዝበሃለ ዘይንዝበር? ዘይብርክት፡ ዘይንተኣኻኸበ....’ ዝበል ንጥርናፌና ዘዘርጋዑን ዘየኸሱን ርእይቶታትን ሓሳባትን ድማ’ዩ ዝመጽኡ። ሕጂ ኣብ’ዚ ክፍለጥ ዘለዎ፡ እቲ ሰብ መዓስን ኣበይን ከም ዝእከብ ደኣዩ ዘይፈለጠ እምበር፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል 1ይ ዙርያ ተኸዚኑ ዝጸንሐ ሓሳብ እዩ። ‘ብኸመይ ደኣ’ሞ ንጠርናፍ’ ኣብ ዝበል ሓሳብ ድማ፡ እዛ ኢጋጥሚታት ዕድልን እዚኣ ትርከብ፡ እቲ ሽዑ ዝመጽኣ ሰብ፡ ዋላ’ውን ካብ ወጻኢ ከይተረፈ ናብ ሳዋ ዘቐፀ እዩ ነይሩ። ‘ትማሊ ሳዋ ከመይ ነይራ? ሕጂ’ኸ ከመይ ኣላ’ ብምባል ዘኸደ ብዙሕ ሰብ ስለዝነበረ ከኣ፡ እዛ ኢጋጥሚት ንኽንራኸብ ዓባይ ዕድል ዝፈጠረት ነይራ። ከም’ቲ እዛም ብጾት ዝበሉኻ እቲ ሓሳብ ኣብ ርእሲ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ስለዝነበረ፡ ‘ብኸመይ ንራኸብ’ ንዝብል ኣብ’ቲ ናይ በን ምትእኽኻብ መደብ ’ዚ ሓሳብ ከውበስሎ ተቐሲቡና። ምስኡ’ውን ኣብ መዓስከር ሳዋ ንብዙሕ ዓመታት፡ መማህራን ኮይኖም ዝሰርሑ ኣባላት ኮይኖም ድማ ብፍታቶም ጠሉብ መሰረት፡ ዝዓም ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ ኣርባዕተ ሰባት ብምውካል፡ እቲ መሰርሕ ናይ ምትእኽኻብን ምጥርናፍን ንኽቕጽል ተዘራሪብና። እዚ ሓሳብ’ዚ ምስ መጽኣ ከኣ፡ ናይ ብሓቂ ብዙሕ ሰብ ክእከብ ክኢሉ። ከም’ዚ ክብል እንከለኹ፡ እቲ ሰብ በብቲ ዝነበሮ ንሓድሕዱ እናተኻገረ ክጥርነፍን ክመጽእን ዝኸኣለ እዩ። እምበር፡ ንምትእኽኻብ ኢልና ዝተጠቐምናሉ ዋላ ሓደ ኣገባብን ሜላን የለን። ብረድዮ ይኹን ጋዜጣ ዝጸዋዕናዮ ሰብ’ውን የለን። ‘ከም’ዚ ንገብር ኣለና’ ምስ ተባሀለ፡ እቲ ሰብ ንሓድሕዱ ባዕሉ ተጎናኒፉ ካብ ርሑቕን ቀረባን ክመጽእን ክእከብን ክኢሉ። በዚ መሰረት ድማ፡ እዛ ማሕበር ቀጽሪ ኣባላታ ምስ ዓበየ፡ ሕጋውነት ክትለብስ ኣኽኢልዋ። ከም’ዚ ዓይነት ሰገምትን ጥርናፈን ንኽንወስድ ዝቐሰበና ድማ፡ እቶም ቀዳሞት ኣቦታትና ኣብ ማሕበር ተጠርኒፎም ኩሉ እቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ንጥፈታት ንዕዘቦም ስለዝነበርና እዩ። ‘ከም’ዚ ናቶም ዘይንገብር፡ ኣሰርም ዘይንኽተል’ ብምባል ብቕዱስ ቅንኢ ኺ ማሕበር’ዚ ክንምስርት ክኢልና ማለት እዩ። ብኣጠቓላሊ ‘ንሕና ኣብ’ዚ ኣለና’ ከይበልና እንከለና፡ እቲ ሰብ ባዕሉ ‘ኣበይ ኣለዉ ቀዳማይ ዙርያ’ እናበለ ንሓድሕዱ እናተሓገገዘ ሕጋዊ ምዝገባ ብምምላእ’ዩ ክተኣኻኸብ ጀሚሩ። እቲ ጥርናፌ ድማ ብኸም’ዚ ኣገባብ፡ ብሕልናዊ መንገድን ድሌትን ክጥርነፍ ክኢሉ ክበለካ እኽእል።

**ሕቶ - ብልክዕ ንጥፈታትኩም ኣብ’ዚ ማሕበር እንታይ’ዩ?**

ሚካኤለ ተኽለ - እቲ ዋና ንጥፈታት ናይ’ዚ ማሕበር፡ ምትሕግጋዝ እዩ። ምትሕግጋዝ ክበሃል እንከሎ፡ መጀመርታ ካብ ውሽጥና እዩ ዝጅምር። እቶም ምሳና ዝነበሩ ሰባት ክሽገሩ ወይ ዝተፈላለዩ ጸገማት ኪጋጥሞም ይኽእል እዩ። ብዙሕ ነገራት ክህሉ ስለዝኽእል ድማ ካብ’ቲ ሓደ እቲ ሓደ ክፍሊ ስለዝኽእል፡ ነቲ ‘ደኺመ’ ዝበል ሰብ፡ ተሰፋ ክቖርጽ ከም ዘይብሉ ኣብ ጎድኑ ደው ኢልና ከሞዘለና ንምርግጋጽ ዝተገብረ ቀዳማይ ዕላማ እዩ። ከም ካልኣይ ዝዓበየ ነጥቢ ከኣ፡ ኑቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ማሕበር ጥራሕ ዘይተሓጽረ ካብ’ቲ ማሕበር ወጻኢ ዘሎ ሕብረተሰብና፡ ብዓቕምና ክንሕግዞን ክንገብሮን እንኽእል ነገራት ተሳትፎና ንምሕያል እዩ። በዓናይ መንገዲ ክትግበር ከም ዘለዎ ከኣ ንመያጠለ። ናይ ጉልበት ሓገዝ ዘድሊ እንተኾይኑ ብጉልበት፡ ብሞራል እንተደኣ ኮይኑ ከኣ ብምትብባዕ፡ ብኻልእ ክትግበር ዝኽእል እንተደኣ ኮይኑ ከኣ፡ ብኻልእ መንገዲ ንምዕማም እዩ። እዚ፡ እቲ ማሕበር ሒዝዎን ዘተግበሮን ዘሎ መደባት እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ’ዚ ማሕበር ብዙሕ ዓይነታት ናይ ዓቕሚ ሰብ ጸጋታት ስለዘሎ፡ ኑቲ እንገብሮ መደባት ኣዝዩ ሓጋዚ ክኸውን ክኢሉ እዩ። ከም’ዚ ክበል እንከለኹ፡ ብዙሓት ናይ ሞያን ስፍልጠትን ክኢላታት ስለዘለዉ እዩ። ብዘለና ሞያዊ ጸጋ ተጠቒምና፡ ከመይ ገይርና ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብና ነውዕሎ ከኣ’ዩ እቲ ዋና ሓሳብ። እዚ ከኣ እንታይ’ዩ ዘመላኽተልና፡ ብዙሕ ነገር ክንሓስበን ክንገብርን ከም እንኽእል እዩ። ብዘለካ ዓቕሚ ንምትሕግጋዝ ዝተመስረተ ድማ እዩ።

**ሕቶ - ሕራይ’ስከ ጀማል፡ ኣብ’ዚ ዝተሓለ ሕቶ ብዝርዝር ንጥፈታትኩም እንታይ’ዩ ? ትወስኾ እንተለካ?**

ጀማል ሳልሕ - ቀዳማይ ንጥፈታት ናይ’ቲ ማሕበር፡ ከም’ዚ እዞም ብጾተይ ክገልጽዎ ዝጸንሑ እዩ። ዕላማና ብውዱብ ኣገባብ ንምትሕግጋዝ እዩ። ንኣብነት ከም ደቂ-ሰብ መርዓን ሞትን ስለዘሎ፡ ኣብ ሓጎስን ሓዘንን ትሳተፍ። እቲ ኣባል ኣብ ዝኾነ ኢጋጥሚታት ብናይ ወልቅን ብናይ ሓባርን ይሳተፍ እዩ። ንኣብነት ኣነ ውራይ እንተደኣ ሃልዩ፡ እቲ ኣባል በቲ ዝኽእሎ ዝውንኖ ክእለት ንምብርካት ብውልቁ ይሳተፍ እዩ። ብዓብኡ ድማ፡ እቲ ማሕበር ብጥርኑፍ ደረጃ ዝገብሮ ንጥፈታትን ዕላማን ኣሎ። ካልእ ኣብ ተሓጺሩ ጥራሕ ክተርፍ ዘይኮነ፡ ኣብ’ቲ ሕብረተሰብ ጸገማት እንተደኣ ኣለዉ እውን ንምትሕግጋዝ ዝዓለመን ዝተመስረተን ትካላዊ ማሕበር እዩ። ንኣብነት ኣብ ግዜ ክረምቲ ንጸገማት ተመሃሮ እንገብሮ ሓገዝ ኣሎ። ስለምንታይ እንተደኣ ኢልካ፡ ደቅና ስለዝኾኑ። ጽባሕ ንነሆ እዞም ሎሚ ተሸጊሮም እንብሎም ዘለና ቆልዑ፡ ንህዝብን ሃገርን ዝጠቕሙ ዜጋታት እዮም። ከም’ቲ ተጋደልቲ ናጽነት ብምምጻእ ኑቲ ቀዳማይ ዙር ዝዘሓል ወለዶ ዝተፈላለየ ክብርታት ዘውረሱና፡ እቲ ቀዳማይ ዙር ከኣ ብመድረኽ ምውርራስ ከምኡ እናበለ ክኸይድ ስለዘለዎ፡ ንገለ ካብ’ቶም ከፊሎም ክመሃሩ ዘይክእሉ ጸገማት ቆልዑ ክሰስለኸሰን ክብርታቱ ከውርሰን ሓላፍነቱ እዩ። እዞም ቆልዑ እዚኣም መታን ግዜኦም ብጽቡእ ክጥቀምሉ ዝተወሰደ ስጉምቲ እዩ። ብሓጺሩ፡ ናብ ካልእ ሕማቕ ነገራት ንኸይኸዱን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብምጽማድ ኣፍረይቲ ንምግባርን ዝተወሰደ ኣማራጺታት እውን እዩ። ኣብ ክንዲ ሽጋራ ሰፍቲ፡ ማስቲካ ምሻጥ ጥራሕ ዘሕልፍዎ፡ ኣብ’ዚ ሃገር ተማሂሮም ብሩህ መጻኢ ንኽህልዎም ዝግበር ዘሎ ንጥፈታት ድማ እዩ። ስለ’ዚ



ወ/ሮ ዛይድ ንጉሰ



ኣቶ ሚኪኤለ ተኽለ

‘ኣብ ትምህርቲ ከሕልፍዎ ኣለዎም’ ዝበል ሓሳብ ስለዘለና፡ ጸቒጥና ብፍላይ ኣብ ገለ ኣብዮተ ትምህርቲ ዝጥፍኡ ዘለና ጉዳይ እዩ። ኣብዘን 2 ወርሒ ናይ ዕረፍቲ ግዜ እናኸደና ድማ ንምህር ኣለና። ብሓፈሻ ድማ፡ ብዘይካ’ቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ስሩዕ ናይ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም፡ ኣብ መወዳእታ ናይ’ታ ሰሙን ቀዳም-ቀዳም ዓመት ምሉእ ንምህርም ኢና።

**ሕቶ - እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ኢኹም ትምህሩዎም?**

ጀማል ሳልሕ - እቲ ዝተባህለ ናይ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ፡ ኣብ’ቲ ናይ ቀዳም-ቀዳም ክፍለ ግዜ ከም ሱምጎር፡ ታሪኽ ህዝብን ሃገርን.... ዝኣመሰሉ እናሰረጽናሎም ንኸይድ ኣለና። ከም’ዚ ንገብረሉ ምኽንያት ከኣ፡ ብሱ-ምግባር ተኸሲኩሶም ክዓብዩ ስለዘለዎም እዩ። እዚ ከኣ ሓደ ካብ’ቲ ዝዓበየ ካልእ ንጥፈት እዩ። ካልእ ክንገልጾ እንኽእል ንጥፈታት ከኣ፡ ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ እቲ በዓል ንኹሉ ዜጋ ዝምልከቶ ከም ምዃኑ መጠን ንኣብነት ናይ ኣኝምሮ ጸገም ዘለዎም ሰባት ካብ’ዚ ፈስታ’ዚ ተጸሊሎም ክውዕሉ ስለዘይብሎም፡ መታን ኣብ’ዛ መዓልቲ ተሓጉሶም ክውዕሉ፡ ኩሉ ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ 1ይ ዙርያ ናብኦም ከይዱ እታ ዘሎቶ ምስኦም ብምቅላዕ ክዛናግዑ ክስዕስዕን ክሕጎሶን ክውዕል እንከሎ ካብ’ዚ ዝዓቢ ባህታ የለን። ብዓብኡ ከኣ ኩሉ ኣባል ማሕበር ኑብሶም ኣብ ምሕጻብ ጸጉሮም ኣብ ምቕምቃም ከጠኦም ኣብ ምጽራይ.... ወዘተ ኣብ ከም’ዚ ዓይነት ንጥፈታት ይሳተፍ እዩ። ኣብ ዝቕጽል ከኣ እቲ ንገብሮ ነገራት ብዝዓበየ መንገዲ ንሕብረትን ንሕብረተሰብናን ንተሓጋገዘሉ መታን ክኸውን ኣብ ቀጻሊ ስራሕ ተጸሚድና ኣለና ክበለካ እኽእል።

ይቕጽል







ብምኽንያት ዝኽሪ 20 ሰነ - ኣባላት ማሕበር ኣብ ማይ ደምነት

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ዓንደመስቀል በርሀ/ ስዩ ነጋሽ

# ገስጋስ ሕርሻዊ ምህርቲ በብዓውድታቱ (1991-2023)


ክፍሊ ሕርሻዊ ኢክስተንሽን፡ ምስ ዞባታት እናተወሃሃደ፡ ትግባረ ሕርሻዊ መደባት ዝከታተል ዝዓበየ ቴክኒካዊ ክፍሊ ሚኒስትሪ ሕርሻ እዩ። እዚ ክፍሊ፡ ካብ ምቛም ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣትሒዙ፡ እተፈላለየ ቀርጻዊ ለውጥታት እናገበረ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ሰለስተ ጨናፍር ማለት፦ ጨንፈር ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን፡ ጨንፈር ልምዓት ብቑልን እንስሳን ከምኡ'ውን ጨንፈር ጥዕና እንስሳን ብቑልን ተኸፋፊሉ፡ ሰራሕ ንጥፈታት ይዓምም ኣሎ። እዚ ክፍሊ ኣብዚን ዝሓለፋ 32 ዓመታት ናጽነት ዝሰላሰሎም ዓበይቲ ንጥፈታት ምስ ኣንበብቲ ንምልላይ፡ ምስ ዋና ዳይረክተር ናይቲ ክፍሊ ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም እተኻየደ ቃለ-መሕትት፡ ቀዳማይ ክፋሉ ቀጺሉ ይቐርብ።

**• ሕራይ ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም፡ ብድሕሪ-ባይታ ክፍሊ ሕርሻዊ ኢክስተንሽን ንጀምር።**

- ክፍሊ ሕርሻዊ ኢክስተንሽን፡ ካብ ፈለማ ናጽነት ኣትሒዙ ኣብ ትካላዊ ቀርጹ ብዙሕ ለውጥታት እናገበረ እዩ መጺኡ። ፈለማ ኣብ 1994 ክቖውም ከሎ፡ ክፍሊ ሃብቲ መሬትን ልምዓት ብቑልን ዝብል ስም ሒዙ'ዩ ተበጊሱ። እዚ ቕርጺ ክሳዕ 2003 ቀጺሉ። ኣብቲ ዓመት ድማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝገበሮ ሓፈሻዊ ለውጢ፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ልምዓት ዝብል ስም ብምሓዝ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ዕማማቱ'ውን ብዙሕ ለውጥታት ገይሩ። ብቐንዱ ድማ ሃብቲ እንስሳን ጥዕና እንስሳን ኣብ ሕቖፍ ናይዚ ክፍሊ ኣትዮም። ካብ 2011 ኣትሒዙ ድማ እዚ ሕጂ ሒዙዎ ዘሎ፡ ኣብ ዝርዝራዊ ሕርሻዊ ዓውድታት (Agricultural Commodities) እተመርኰሰ ኣቃውማ ሒዙ። ኣብ ርእሲ'ተን ሰለስተ ቴክኒካዊ ጨናፍር ማለት፦ ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን፡ ልምዓት ብቑልን እንስሳን፡ ሓለዋ ጥዕና እንስሳን ብቑልን፣ ክልተ ደገፍቲ ኣሃዱታት ማለት ኣሃዱ ውጥንን ስታትስቲክስን ከምኡ'ውን ኣሃዱ መኻዕበቲ እቶት (ኣብዚ እዋን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣትያ ዘላ) ኣጠቓሊሉ ክሰርሕ ጸኒሑ። ነፍሲ ወከፍ ጨንፈር ድማ ንዓኡ ዘቖሙ ኣሃዱታት ኣብ ትሕቲኡ ኣለዋ። በዚ መሰረት ኣብ ጨንፈር ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን ሰለስተ ኣሃዱታት፡ ኣብ ልምዓት ብቑልን እንስሳን 11 ኣሃዱታት፡ ኣብ ጨንፈር ጥዕና እንስሳን ብቑልን ድማ ሰለስተ ኣሃዱታት ይርከባ።

**• ቅድሚ ናብ ገስጋስ ሕርሻዊ ልምዓት ሃገርና ምእታውና፡ ሃገርና ብዝሎዋ ስፍሓት ዝለምዕ መሬት ክንጀምር፦**

- ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣስታት 2.1 ሚልዮን ሄክታር ክለምዕ ዝኽእል መሬት ትውንን። ካብዚ እቲ ኣስታት 1.2 ሚልዮን ብዝናብ ክለምዕ ዝኽእል መሬት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኣስታት 600 ሽሕ ሄክታር ድማ ብመስኖኣዊ ሕርሻ ክለምዕ ዝኽእል መሬት እዩ። ክሳዕ



ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም

2021 ዝነበሩ ጸብጻባትና ከም ዝሕብሩዎ ድማ ዋላ'ኳ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝቀያየር እንተኾነ፡ ኣስታት 500 ሽሕ ሄክታር መሬት (24 ሚእታዊት ካብቲ ዕቑር ዓቕሚ) ዓመታዊ ነልምዕ ኔርና። ካብዚ ድማ እቲ 93 ሚእታዊት ኣብ ቦታ ሕርሻ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እናካየድካ ዝለምዕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ 7 ሚእታዊት ድማ ብመስኖኣዊ ኣገባብ ሕርሻ ዝለምዕ ዘሎ መሬት እዩ። ብሓፈሻ ክርእ እንከሎ ድማ ኣብዚ እዋን ዝለምዕ ዘሎ ምስቲ ናይ 1992 ዝሕረስ ዝነበረ ብምንጽጻር፡ ኣብ 2021 ብልዕሊ 54 ሚእታዊት ዕበየት ኣርእዩ ይርከብ።

**• ሕራይ እምበኣር፡ ናብ ንጥፈታት ናይዘን ጨናፍር ክንሰግር። ብጨንፈር ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን ንጀምር።**

- እዚ ጨንፈር ስሙ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ዕቃበን ልምዓትን መሬት እዩ ዝነጥፍ። ብመሰረት ፖሊሲን ስትራተጂን ናይዚ ሚኒስትሪ፡ ነቲ ብእተፈላለየ ምኽንያት ኣዝዩ ተዳኺሙ ዘሎ መሬት ሕርሻን ማይ ኩዖታትን ፈዊስኩ ነዚ ጸላኢ ናብ ዘመናውን ብምኽፃና ዝምራሕን ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እተሰረተ ኣገባብ ሕርሻ ምኽታል እዩ። በዚ ድማ'ዩም መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዞም፡ ዝባደመ መሬት ናብ ንቡር ንምምላስ፡ እተፈላለዩ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ክሳላስሉ ጸኒሖም። ብመሰረት ጸብጻብ ናይዚ ጨንፈር፡ ኣብዚ ውሽጢ እዘን ዝሓለፋ 32 ዓመታት፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ 192 ሽሕ ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ፡ 82 ሽሕ ሄ/ር ምዝላይ ካብ መሬት ሕርሻ ወጻኢ፡ ከምኡ'ውን ናህሪ ውሕጅ ንምድኻምን ማይ ናብ ከርሲ መሬት ከም ዝሰተ ወይ ዝሰርጽ ንምግባርን ኣስታት 4.5 ሚልዮን ሜትር ኲብ ከትርታት ተሰሪሖም።

**• ኣብ ምሰራሕ ክዝንቲ ማያት እተራእየ ለውጢኸ ከመይ ይመስል?**

- እዚ ሃገር ኣብ ምህናጽ ክዝንቲ ማያት ርሑይ ዓወታት እዩ ኣመዝጊቡ። ኣብ እዋን ናጽነት 138 ጥራይ ዝነበራ ዓበይትን ንኣሽቱን ዲጋታት፡ ኣብዚ እዋን (ክሳዕ 2021) ናብ 785 ክብ ክም ዝበለ ተገይሩ። እቲ እዘን ዲጋታት ዝኽዝናእ ማይ ድማ ብማእከላይ ገምጋም ኣስታት 300 ሚልዮን ሜትር ኲብ ይበጽሕ። እዚ ኸኣ መርኣያ ናይቲ መንግስቲ ኣብዚ ዓውዲ ዝገብሮ ዘሎ ሓያል ጻዕሪ እዩ።

**• ኣብ ምትእትታውን ተጠቃምነትን መስኖኣዊ ሕርሻን ሓደስቲ ሕርሻዊ ቴክኖሎጂታትን ዝገበርናዮ ገስጋስከ ከመይ ይመስል?**

- ኣብዘን ዝሓለፋ 32 ዓመታት፡ ካብቲ 600 ሽሕ ሄክታር ዝኸውን ክለምዕ ዝኽእል ዕቑር ስፍሓት መሬት፡ እቲ ኣስታት 65 ሽሕ ሄክታር፡ ብልምዳውን ዘመናውን ኣገባብ መስኖ ክለምዕ ክኢሉ ነይሩ። ካብዚ ኣስታት 37 ሽሕ ሄክታር ብጀረፍ፡ 23 ሽሕ ሄክታር ብኣናሊ፡ 1,500 ሄክታር ብነጠብጣባዊ መስኖ፡ 2,800 ሄክታር ድማ ብነጽጋዊ መስኖ፡ ሕርሻ ትሕቲ ቕርጺ ተዳልዩሉ ዝለምዐ እዩ። ድሕሪ ናጽነት መስኖኣዊ ሕርሻ ንምስፍሑን ንምምዕባሉን ብዙሕ ጻዕርታት ተኻይዱን ይካየድ ኣሎ። በዚ መሰረት፡ እቲ ብኣናሊ ዝለምዕ ስፍሓት መሬት ናብ 23 ሽሕ ሄ/ር ብምስፍሑ፡ ኣብዚ እውን ዳርጋ ምሉእ ዓመት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ዕዳጋታት ክርከብ ተኻኢሉ ኣሎ። ማይ ንምቍጣብን ምህርቲ ንምዕባይን ኣብ ዝተገብረ ምትእትታው ዘመናዊ ኣገባብ ልምዓት መስኖ ማለት ነጠብጣባውን ነጽጋውን መስኖ'ውን ዋላ'ኳ ከም መደብናን ባህግናን ኣይኾነ፡ ብዙሕ ተመኩሮ ዝቐሰምናሉ ብተዛማዲ ደላን

ሰራሕ ተኻይዱ ክንብል ንኽእል። ከምኡ'ውን ጸጋታዊ ሃልክን ኣከባብያዊ ብከላን ንምትዓል ብተሓዳሲ ጸጋት ከም ጸሓያዊ ጸጋት ዝሰርሕ መስኖኣዊ ሕርሻ ኣብ ምትእትታው ብዙሕ ተመኩሮታት ተቐሲሙ። ኣብዚ እዋን ካብቲ ብመስኖ ዝለምዕ ዝነበረ 65 ሽሕ ሄክታር እቲ 30 ሽሕ ሄክታር ጥራይ'ዩ ኣብ ብቑዕ ስራሕ ዝርከብ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ብዘይካ'ቲ ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ (ሸዕብ) ዝርከብ 5,300 ሄክታር ናይ ጀረፍ መስኖ፡ ኣብተን ካልኦት ዞባታት ዝርከብ ናይ ጀረፍ መስኖ ተበላሽዩ ካብ ስራሕ ስለዘቋረጸ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ዝበዝሕ ክፋል ናይቲ ብጸቕጣዊ መስኖ ዝለምዕ ዝነበረ እውን ብተመሳሳሊ ቴክኒካዊ ጸገማት ካብ ስራሕ ደው ስለዝበለ እዩ። ስለዚ፡ ኣብዚ ዓውዲ ማዕረ'ቲ ዝነበረ ኣተባባዒ ገስጋስ ኣብቲ ብቴክኖሎጂን ማሽነርን ዝድገፍ ልምዓት መስኖ ሓያል ብድሆታት ምንባሩ'ውን ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ ዓቢ ተመኩሮ ስለ ዝቐሰምናሉ፡ ኣብዚ እዋን ብዝሓየለ ንምብርባሩ ብቑዕ ምድላዋት ንገብር ኣሎና።

**• ናብ ልምዓት ዘራእቲ ክንሰግር። ዝንቕ ዘራእቲ ናይ ብሱል ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ቀብኢ ኣእካልን ኣብዚ እዋን ኣብ ከመይ ደረጃ ከም ዝርከብ ኩተብርሃልና**

- ብመሰረት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጅያዊ ውጥንና፡ ክሳዕ 2024 ኣብ ዘሎ ዓመታት፡ ብሱል ኣእካል 50 ሚእታዊት፡ ጥረታት 25 ሚእታዊት፡ ናይ ቀብኢ ኣእካል ድማ 25 ሚእታዊት ክሽፍኑ እዩ ዝብል። ክሳዕ ክራማት 2022 እቲ ዝንቕ 83% ብሱል፡ 8% ጥረታት፡ 9% ድማ ናይ ቀብኢ ኣእካል በጺሑ ንርከብ። ኣብዚ መዳይ ብዙሕ ዝተርፈና ከም ዘሎ ርዱእ'ዩ።

**• ዝርጋሐ ምሩጽ ዘርኢ ኣእካልን ኣሕምልትን'ውን እዚ ክፍሊ ኣተኩሩ ካብ ዝሰርሓሎም ዓውድታት እዮም። ኣብዚ ጉዳይ እተራእየ ገስጋስ ከመይ ይመስል?**



- ምምዕባልን ምትእትታውን ምሩጽ ዘራእቲ ዕማም ናይ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር እዩ። ክሳዕ ሕጂ ድማ ካብቶም ብሕርሻዊ ምርምር ዝማዕበሉ ብርክት ዝበሉ ዘርኢ ኣእካል፡ ገለ 14 ዝኾኑ ምሩጻት ዘራእቲ ኣእካል ማለት ስርናይ - 6 ዓሌታት፡ ስገም - 3 ዓሌታት፡ ዕፉን - 1 ዓሌት፡ መሸላ - 1 ዓሌት፡ ብልቱግ ድማ 3 ዓሌታት በዚ ክፍሊ ኣቢሎም ናብ ሓረስቶት ተዓዲሎም ኣለዉ። ሳላ'ዞም ምሩጻት ዓሌታት ድማ ምስቲ ኣብ እዋን ናጽነት ዝነበረ ምህርቲ ብምንጽጻር፡ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ብዝናብ ዝለምዕ ሕርሻታት፡ ብመንጽር ምህርቲ ኣብ ሓደ ሄክታር፡ ኣብ መሸላ ካብ 8 ናብ 20 ኩንታል፡ ኣብ ብልቱግ ካብ 6 ናብ 15፡ ኣብ ስርናይ ካብ 12 ናብ 25፡ ስገም ድማ ካብ 8 ናብ 17 ኩንታል እቶት ክውሰኽ ክኢሉ።

**• ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ምስ ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት ክወዳደር እንከሎ፡ እንታይ ምዕባለታት ኣርእዩ? ክፍሊ ሕርሻዊ ኢክስተንሽን ኣብዚ ዓውዲ ኣተኩሩ ዝደፍኣሎም ስርሓትከ እንታይ ይመስሉ?**

- ኣብ 1991፡ ስፍሓት መሬት ልምዓት ኣሕምልቲ 4731 ሄክታር፡ ናይ ፍረታት ድማ 192 ሄክታር ጥራይ እዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን፡ እዚ ቑጽሪ ኣብ ኣሕምልቲ ናብ ኣስታት 18,000 ሄክታር ብምብራኽ ናይ ኣርባዕተ ዕጽፊ ዕበየት ኣርእዩ። ኣብ ፍረታት ድማ ናብ 5000 ሄ/ር ብምዕባይ ናይ 26 ዕጽፊ ዕበየት ኣርእዩ። ካብ 1992 ክሳዕ 2022 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እቶት ወይ ምህርቲ ኣሕምልቲ ብሸዱሽተ ዕጽፊ፡ እቶት ፍረታት ድማ ብ71 ዕጽፊ እዩ ዕበየት ኣርእዩ። ኣብዚ መዳይ ብፍሉይ ዝጥቀስ፡ ልዕሊ 423 ሽሕ ፈልስታት ናይ ሰለስተ ዓይነታት ናይ ከበሳ ፍረታት ማለት ቱፋሕ፡ ኩኽን ኣውሊዕን ካልኦትን ካብ ወጻኢ ሃገር ኣተኣታቲና፡ ኣብ ናይ ከበሳ ባህሪ ዘሎወን ቦታታት ሃገርና ናብ ዝርከቡ ሓረስቶት ዝርጊሕና ኢና፡ ብተወሳኺ፡ ካብ 2015 ኣትሒዝና፡ ምስ ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ብምውህሃድ ኣብ ምፍራይን ምትዓባዕን ቃንጥሻ ንነጥፍ ኣሎና። እዚ ኣብ ቀጻሊ ዝያዳ ክንደፍኣሉን ክነተባብዖን ከም ዘሎና ተረዲእና ንሰርሓሉ ዘሎና ጉዳይ እዩ።

ይቕጽል

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሸባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ምድሯዝ ኣካላት

ደዋሊ፤ ሄለው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እወ ኣይተጋገኻን፡ መን ክብል ካበይ ትድውል ኣለኻ?

ደዋሊ፤ ኣነ ነጋሲ እብሃል፡ ካብ ኣስመራ ድማ እድውል ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ክሕግዘካ ነጋሲ?

ደዋሊ፤ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ስራሕና ብሃማመተኤ ዞባ ማእከል ዝተወደበ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ከም ዘሎ ተሓቢሩ ኣሎ። ዓይነት ናይቲ ስልጠናታት ኣዝዩ ብዙሕን ዘወናውንን'ዩ። እንታይ ምምራጽ ከም ዝሓይሽ ምስ መሳርሕተይ ነዊሕ ተዛቲና። ዝበዝሑ ድማ ብሓደ ክኾነልና ኢሎም ማሳጅ ክንምሃር ተሰማሚዖም። ኣነ ግን፡ እቲ ብሓደ ምኳን'ኳ እንተ ዘይጸላእክዎ፡ እንታይነትን ኣገዳስነትን ማሳጅ ዝፈልጦ ስለዘይብለይ፡ ኣብ ምርጭኦም ደፊረ ክሰማማዕ ኣይከኣልኩን። ስለዚ ብዛዕባ'ዚ ማሳጅ ዝብሃል ትፈልጦ እንተ ኣልዩካ ገለ ክተማኽረኒ እየ ደልየ።

ኣማኻሪ፤ ኣዕሩኽትኻ ክመርጹ እንከለዉ ማሳጅ እንታይ ማለት ምኳኑ ሓቲትካዮምዶ?

ደዋሊ፤ እወ ሓቲተዮም፡ "ምድራዝ ኣካላት ማለት'ዩ" ኢሎም ጥራይ መሊሰሙለይ። ካብኡ ሓሊፎም ግን ክገልጹለይ ኣይከኣሉን። በዚ'የ ከኣ ናባኹም ክድውል ዝመረጽኩ።

ኣማኻሪ፤ ማሳጅ ቃል ብቓሉ ክትርጎም እንከሎ፡ ከምቲ ኣዕሩኽትኻ ዝበልዎ ምድራዝ ኣካላት ማለት'ዩ። ምድራዝ ኣካላት ክብሃል እንከሎ ግን ዓይነቱ ኣዝዩ ብዙሕ ኮይኑ፡ ንምንታይ ንደርዝ፡ ኣበይን ብኸመይን ንደርዝ ዓሚቝ ፍልጠት ዝሓትት ዓቢ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ዝህብ ዓውዲ ወይ ሞያ'ዩ። ሜላን ፍልጠትን ይውሰኾ ኮይኑ'ምበር እቲ ኣዴታትና ከደቅሳና እንከለዋ ርእስና ዝደርዛና ወይ ስድራና ብኹብዶም ደቂሶም ሕቖና ርገጹና ዝብሉና'ውን እንተኾነ ኣካል ናይዚ ሞያ'ዩ። እዚ ንነዊሕ ዘመናት ዘገልገለ ሜላ ምድራዝ ኣካላት፡ ኣብ ብዙሕ ሕብረተሰባት ዓለም ከም ፍቱን ባህላዊ ፍወሳ ዝቕጸር ዝነበረ ኮይኑ፡ ድሒሩ ድማ ምስ ምዕባለ ዓውዲ ጥዕና ዝያዳ ኣቓልቦ ዝረኸበን ኣካል ሕክምናዊ ሜላ ፍወሳ ዝኾነን'ዩ። ንኣካል ምቹእነት ዝህብ ንኣእምሮ'ውን ዘዛኒ ድርብ ረብሓታት ስለዘለዎ፡ ፍቱው ጥዕናዊ ኣገልግሎት'ዩ። መበቆል ናይዚ ዓውዲ ካብ ከም ህንዲ፡ ቻይናን ኮርያን ዝኣምሰላ ሃገራት ኤስያ ኮይኑ፡ ምስ ምዕባለ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ተጻኒዑ ስሩዕ ትምህርቲ ዝተገብረሉን ዓበይቲ ማእከላት ስልጠናን ኣገልግሎትን ዝተኸፍተሉን'ዩ። መብዛሕትኡ እቲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ዝውሃብ ናይ ምድራዝ ኣካላት ስልጠናታት'ውን፡ ካብዘን ክጥቀሳ ዘጸንሓ ከም ህንድን ቻይናን ኮርያን ዝነቐለ ምኳኑ ይንገር። ከምቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝሓበርኩኻ፡ ከከም ዕላምኡ ዝፈላለ እንተወሓደ ሓሙሽተ ዓይነት ምድራዝ ኣካላት ከም ዘሎ እዩ ትምህርቲ ምድራዝ ኣካላት ዝሕብር። ገለ ካብኡ እዞም ዝስዕቡ ድማ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል፤



ቀዳማይ፤ ግቡእ ዑደት ደም ከም ዝህሉ ንምግባር ይሕግዝ።

ካልኣይ፤ ዝተጨናነቑ መትንታት ንምዝናይ ወይ ንምሕዳስ።

ሳልሳይ፤ ዝጸምለወ ወይ ዝደረቐ ቆርበት ንምልስላስ።

ራብዓይ፤ ዝተጨባበጡ ወይ ዝተዳኸሙ ጭዋዳታት ንምዝርጋሕ ወይ ንምሕያል።

ከም ተወሳኺ ድማ ብምኽንያት ዕረፍቲ ዘይህብ ስራሕ ወይ ግጉይ ኣሸኻኽማ ቦርሳ ኣብ ገለ ክፋል ኣካላት ዝፍጠር ዕንኳር ዘጥፍእ ወይ ዝብትን ናይ እምኒ ምድራዝ ኣካላት'ውን ኣሎ። እዚ ኣገባብ'ዚ ግን ኣብ ሓኪም ብምቕራብ ናይ እምኒ ማሳጅ ምስ ዝእዘዘልካ ጥራይ'ዩ ዝግበር። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ትሕቲ ቆርበት ዘሎ ዕንኳር ናይ ምንታይ ምኳኑ ኣቐዲሙ ክፍለጥ ስለዘለዎ'ዩ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ካልእ ዓይነት ፍወሳ ዘድልዮ ሓደገኛ ጥረ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ንዝተራእየካ ጥረ ናይ እምኒ ምድራዝ ምግባር ሓደገኛ'ዩ።

ደዋሊ፤ ዓይነታት ምድራዝ ክትገልጸለይ ጸኒሕካ'ሞ ብኸመይን ብምንታይን ይድረዙኸ ፍልልይ ኣለዎ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እቶም ኣቐድም ኣቢለ ዝዘርዘርክዎም ዓይነታት ምድራዝ ኣካላት ብኢድ እዮም ዝድረዙ። ኣጻብዕትና፡ ጻዕዳ ወይ ኩብዲ ኢድና፡ ጉምቦ ኢድና፡ ቅልጽምናን ኩርናዕ ኢድናን ተጠቒምና ክንደርዝ ንኽእል። ኣብ ምድራዝ ሕቖ፡ ምድራዝ ብኣእጋር ዘድልየሉ ኣጋጣሚታት'ውን ኣሎ። ብሓፈሻኡ፡ ክንደርዝ እንከለና ግን ዝያዳ ምቹእነት ንኽህልዎ ምእንቲ እንደርዘሉ ክፋል ኣካላትን ዝድረዝ ኣካላትን ብግቡእ ብቕብኣት ክልከ ተመራጺ'ዩ። እቲ ናይ እምኒ ምድራዝ ዝበልናዮ ድማ እቲ ንምድራዝ ኣካላት ተባሂሉ ብብዓይነቱ ቅርጽን ግዝፍን ከም ዝህልዎ ብምግባር ዝተዳለወ ኣእማን፡ ፈለማ ኣብ ማይ ውዑይ ይጥጠቕ። ብድሕሪኡ ምቕቱ ብኢድና ክንጭብጦ ምቹእ ምስ ኮነ ክንደርዘሉ ንኽእል። እዚ ማለት ተደራዚ ናይ ምንዳድ ምልክት ክሰምዖ የብሉን።

ደዋሊ፤ ብዛዕባ'ቲ ቀብኣት ዘበልካዮ'ኸ ቀሩብዶ ከተብርሃለይ? እንታይ ዓይነት ቀብኣት'ዩ ዘድሊ?

ኣማኻሪ፤ ኣገዳስነት ቀብኣት ብቐንዱ ፍሕፍሐ ንምጉዳል ኮይኑ፡ ኣእዳው ደራዚ ብቐሊል ንኽንቀሳቐሳን ተደራዚ ኣብ ግዜ ምድራዝ ሳሓ ወይ ቃንዛ ንኸይስምዖ ይሕግዝ። ብተወሳኺ፡ ቀብኣት ንቆርበት ከለምልሞን ኩብርሆን ይኽእል'ዩ። ንምድራዝ ኣካላት እንጥቀመሎም ዓይነታት ቀብኣት ኣዝዮም ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ብመንጽር ኣብ ቆርበት ክህልዎም ዝኽእል ጎድናዊ ሳዕብየናት ግና ልዑል ከሚካላዊ ትሕዝቶ ዘይብሎም ከም ዘይቲ ኣውሊዕ፡ ዘይቲ ሰምሰምን ኣበሱዳን ዝኣመሰሉ ዓይነታት ቀብኣት ክንጥቀም ዝያዳ ተመራጺ'ዩ።

ደዋሊ፤ ኣየናይ ክፋል ኣካላት ኢና ንደርዝ? ዘይድረዝ ክፋል ኣካላትከ ኣሎዶ?

ኣማኻሪ፤ ከከም ኣገዳስነቱ ኩሉ ክፋል ኣካላት ካብ ኣጻብዕቲ እግሪ ክሳብ ገጽን ርእስን ክድረዝ ይከኣል'ዩ። ከም መላግቦታት ኣዕጽምቲ፡ ቍስሊ፡ ሕበጥ፡ ብሕክምና ሓጺን ወይ ካልእ መሳርሒ ዝኣተዎ ወይ ስክጆ ዘለዎ ክፋል ኣካላት ግን ክድረዝ ኣይግባእን። ተደራዚ ኣብ ኣካላቱ ዝኾነ ስክፍታ እንተ ኣልይዎ ምስ ናይ ቀረባ ሓኪሙ ብምዝርራብ ምድራዝ የድልዮን ኣየድልዮን ክውሰን ይኽእል'ዩ።

ደዋሊ፤ ዝድረዝ ሰብ ከመይ ዝበለ ኣቃውማ'ዩ ክህልዎ ዘለዎ? ማለት ክድቀስ ድዩ ዘለዎ ወይስ ብኾፉ ወይ ብደዉ ክድረዝ ይኽእል'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ኣካላቱ ዝድረዝ ሰብ ደቂሱ'ዩ ክድረዝ ዘለዎ። እዚ ክብሃል እንከሎ ግን ተገልጋሊ ብግቡእ ክድቀሰሉ ዝኽእል ንምድራዝ ኣካላት ተባሂሉ ዝተዳለወ ዓራት ወይ መደቀሲ ክህሉ ተመራጺ'ዩ። እዚ ማለት ክትሕት ክብርኽ ዝኽእል፡ ብትርኣስ ወይ ብእግሪ መበረኺ ዘለዎ፡ ብኹሉ ወገኑ ካብ መንደቕ ወይ ካልእ ንብረት ዝርሓቐ ንደራዚ ምሉእ ናይ ምንቅስቓስ ምቹእነት ዝህብ፡ ብቐሊሉ ንምንቅስቓስ ዝሕግዝ መንኮርኮር ወዘተ ዘማልአ ዓራት ክህሉ ኣገዳሲ'ዩ። ነቲ ተደራዚ ሰብ ከይተሸገረ ብሕቖኡ ወይ ብኹብዱ ክድቀስ ዘኽእሎ ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ዝደርዝ'ውን ካብ ምጉባጥን ምምጥጣርን ዘገላግሎ ክኸውን ኣለዎ።

ደዋሊ፤ እቲ ናይ ምድራዝ ኣካላት ትምህርቲ ወይ ስልጠናኸ ክንደይ ግዜ እዩ ዝወስድ?

ኣማኻሪ፤ ዝወስዶ ግዜ ከከም ደረጃኡን ሃገሩን ክፈላለ ዝኽእል'ዩ። ብሓፈሻኡ ግን ናይ ሰርቲፊኬትን ዲፕሎማን መዓርጋት ዘለዎ ኮይኑ፡ ካብ ሰለስተ ወርሒ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዝኸይድ ናይ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን ትምህርቲ ክህልዎ ይኽእል።

ደዋሊ፤ እዚ ዓውዲ ክሳብ ክንዲ'ዚ ዓሚቝ ይመስለኒ ኣይነበረን። ዝሃብካኒ ሓበሬታ ዝያዳ ንኽግደሰሉ ድርኺት ፈጢሩለይ ኣሎ። ክምሃር እሓስብ ስለዘለኹ ግን ከም ብዓል ሞያ ምድራዝ ኣካላት ኣቐዲመ ክፈልጦ ዘለኒ እንተ'ልዩ ገለ ሓበሬታ ክትውሰኸኒ ምደለኹ።

ኣማኻሪ፤ ጸገም የለን። ክኢላ ምድራዝ ኣካላት፡ ኣብ ስርሑ ክጥንቀቐሎም ዘለዎ ብዙሓት ነጥብታት ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣቃውማ ኣካላቱ ብግቡእ ክሕሉ ይግባእ። ምኽንያቱ ዘይምቹእ ዓራት ወይ ግጉይ ኣቃውማ ኣካላት ንመግመይቲ ሕቖን ምሕኾልትን ከቃልዕ ስለዝኽእል።

ካልኣይ፡ ንሱ ዝተፈላለየ ክመሓላለፍ ዝኽእል ናይ ቆርበት ሕማማት እንተ ሃልይዎ ወይ ተመሳሳሊ ጸገም ዘለዎም ሰባት ካብ ምድራዝ ምቑጣብ የድሊ። ግድን እንተ ኾይኑ ድማ ጓንቲ ብምውዳይ ክፍጽም ኣለዎ።

ሳልሳይ፡ ኣገልግሎት ማሳጅ ወይ ምድራዝ ኣካላት ዝህብ ሰብ፡ ባህርያት ሓኪም ክለብስ ይግባእ። እዚ ማለት ድማ፡ ካብ ኣነወርቲ ስምዒታትን ተግባራትን ሓራ ብምኳን ንኽልቲኡ ጾታታት ብማዕረ ከገልግል ኣለዎ። ስም ተገልግለልቱ ዝህልዎ ዝምድና ደረቱ ዝሓለወ፡ ክብረት ተገልገልቱ ዝሕሉ፡ ምስጢራት ተገልገልቱ ንንፉስ ዘይህብ ክኸውን ይግባእ።

ደዋሊ፤ የቐንየለይ! ዘይፈልጦ ዝነበርኩ ኣርእስቲ ገሊጽካለይ። ምስ ኣዕሩኽተይ ክምሃር'ውን ተተባቢዐ ኣለኹ። ስለዝሓበርካኒ ሓበሬታ ኣዝየ ኣመስግነካ።

ኣማኻሪ፤ ኣነ'ውን ትምህርቲ ምስ ጀመርካ ዝሓሸ ሓበሬታ ክትረክብ ተስፋ እገብር።

## ልቦና

### ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ፯ጉስ ኣክባርን ቢርባልን

ንጉስ ኣክባርን ቢርባልን ሓደ እዋን ኣብ ግምቢ እቲ ንጉስ ዝርከብ መናፈሲ ዘወር ይብሉ ነበሩ። እቲ ንጉስ ነቶም ካብ ኣግራብ ናብ ኣግራብ እናተናጠሩ ዝዘምሩ ዝነበሩ ኳኽ ድሕሪ ምርኣይ፡ 'ኣብዚ ንግስነተይሲ ክንደይ ዝኣኽሉ ኳኽ ይህልዉ ይኾኑ?' ኢሉ ሓሰበ'ሞ ንቢርባል ሓተቶ።

"ተስዓን ትሽዓተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእቲን ሱሳን ሰለስተን ኳኻት ኣለዉ፡" ክብል መለሰ ቢርባል ኣልግብ ኣቢሉ። ብቕልጣፈን ጥበብን ቢርባል ወትሩ ዝምሰጥ እቲ ንጉስ፡ ኣልግብ ኣቢሉ ሕቶ ኣሰዓበሉ፤

"ልዕሊ እዞም ዘበልካዮ ዝበዝሑ እንተ ጸንሑ'ኸ?"

"ካብ ጎሮባብትና ክነግዱ ዝመጽኡ ይኾኑ፡" መለሰ ቢርባል።

"ካብቲ ዘበልካዮ እንተ ወሓዱ'ኸ?"

"ካብቶም ኣብዚ ንግስነትካ ዝነብሩ ናብ ካልእ ብዕረፍቲ ከይዶም ይኾኑ፡" ክብል መለሰሉ። ሽሕ ግዜ ኣዋጣሪ ኵነት ሃሊ፡ ኣቕልል ኣቢልካ እንተ ሓሲብካ መዋጽኦ መገዲ ኵሉ ሳዕ ኣሎ።

Inspiratuionalstories.com



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ዛንታ

# ሻያጢ በለስ

ኣቤል ሎሚ ዝዘብረሆ ይመስል። ካብ ንግሆ ኣትሒዙ ነተን ክሸጠን ዝተጀመለን በለስ ዂናሽዕ እናነበረ ይደርፍ ኣሎ።

ሰዓት 6፡10 እኳ እንተኾነት ናይ ንግሆ ቁሪ ዋላ ሓንቲ ኣይተሰመዖን። እንታይ ከም ዝኸኣ ግን ተፈሲሁ ኣሎ። እታ ደርፊ ከምዚ እያ ትብል፤

'ሰብ ሰራሑ እንተሓለፈሉ፣
ሰብ ርሂጹ ድልየቱ እንተሰመረሉ፣
ኩሉ ሰብ ይሕጎስ እንድኣሉ …
ላለይ ላለይ ላለይ …
በለስ ሸይጠ እንተሓለፈለይ
ሰራሐ ርሂጸ እንድኣለይ
ላለይ ላለይ ላለይ...'

ነዛ ደርፊ እናደጋገመ ኣብ ትሕቲ ዓባይ ሸጋካ ደኒኑ ነተን ኣብ መትሓዚ ጎማ ዝበራ በለሱ ይኻግፍ።

"በለስ ክንደይ እዩ?" ዝብል ድምጺ ሰሚዑ ኣንቃዕሪሩ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ዘሎ ሰብ ጠመዮ።

ተግባሩ ኣሕፈርዎ ክም በሎ። ጽንሕ ኢሉ፤ "ሓደ ናቕፋ" መለሰ ነቲ ምዕሩግ ኣለባብሳኡ እናጠመተ። እቲ ሰብኣይ ተኾዲንዎ ዝነበረ ክዳን መሰጦ።

እቲ ሰብኣይ ጸሊም ባድላ ላዕሊን ታሕቲን ጸዕዳ ካምቻ፥ ሰማያዊት ካራባታን ተኸዲኑ ነበረ። ሓቂ ንምዝራብ ደስ ዝብል እዩ።

"እሞ ክበልዕዶ?" ሓተተ ምቕልል ኢሉ።

"እወ ብሉዕ" መለሰ ኣቤል ክምስ እናበለ። ካብቶም ቅድሚ ሕጂ ዝሓተትዎ ብላዕቲ በለስ ዝተፈልየ ኮይኑ ተሰመዖ።

"እንታይ ድኣልካ ንግሆ ምድሪ ትደርፍ?" እቲ ሰብኣይ ካዘርቦ ሰለዝደለየ ሓተቶ።

"እንድዒ ሎሚ እንታይ ከምዝኾንኩ ተሓጒሰ ኣለኹ። ብውሽጠይ ድረፍ ድረፍ መጺኡኒ እየ ዝደርፍ ዘለኹ" ነተን እቲ ሰብኣይ ተኸዲኑወን ዘሎ ክዳውንቲ ብዓይኑ መርመረን። እተን ክዳውንቲ ደስ በልኦ። ቅንኣት ተሰመዖ።

"ጽቡቕ! ኩሉ ግዜ ሕጉሰ እንተኾንካ ኢኻ ጥዑይ ትኸውን... እሞ ኣጆኻ ተሓጎስ። ሕራይ ...እዚኣ በል ቀረፈለይ" ድቕቕ ናብ ዝበለት በለስ ኢዱ ኣመልከተ።

ኣቤል፤ "እዋእ! ...እዚኣ!?" እታ ዝመረጻ በለስ ኣዝያ ደቃቕ እያ። እናተጠራጠረ ብጺጋማይ ኢዱ ኣልዓላ።

"እወ ንሳ ...እንታይ ድኣ ዝተገረምካ ትመስል?" ምኽንያት መገረሚኡ ፈሊጥዎ ኣሎ። እንተኾነ ካዘርቦ ደልዩ እዩ።

"እዚኣ ድኣ ...ንኢሳ!" መለሰሉ ነታ በለስ እናቖረፈ።

"ሓቅኻ። ነዚን ዓበይቲ ኩሉ ሰብ ስለዝመርጸን ጸገም የብልካን። እዚን ንኣሽቱ ግን ዝመርጸን ሰለዘይብለን ዝጠዘለ ግዜ ባዕልኻ ኢኻ ክትበልዐን" ነታ በለስ ተቐቢሉ ናብ ኣፉ እናእተዋ ክምስ በለ።

ኣቤል፤ "እወ ...ከመይ ገይርካ ድኣ ፈሊጥካዮ?" ገጹ ኣዕቲቡ ጠመዮ። ቀጺሉ፤ "ሓንሳብ ሓንሳብ ገለ ሰባት ሓንቲ ዓባይ ምስ ረኣዩ ንዓኣ በሊያም እዮም ዝኸዱ። ኣነ ድማ ብውሽጠይ ሕርቕ እብል" በለ ውሽጡ ሰለዝተረድኣሉ ብኣድናቖት እናጠመዮ።

እቲ ሰብኣይ፤ ነቲ ቁልዓ ተኪሩ እናጠመተ ክምስ በሎ። ጽንሕ ኢሉ፤ "እዚ ሕጂ ንዓኻ ዝሰመዓካ ንዓይ'ውን ኣብ ግዜኡ ይስምዓኒ ነይሩ እዩ። ክንዳኻ እንክለኹ በለስ እሸይጥ



ነይረ። እዚ ትብሎ ዘለኻ ኣብ ግዜ ቍልዕነተይ ብዙሕ ግዜ ደጋጊመዮ እየ። ንሱ ስለዝኾነ እየ ነዛ ደቃቕ በለስ ዝመረጽኩ" ኣብ ተዘክሮ ጥሒሉ ተዛረበ። ናይ ቁልዕነቱ ስእሊ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ቅጀል ኢሉ ተራእዮ።

ኣቤል፤ "እዋእ ንስኻስ በለስ ትሸይጥ ነይርካ?" ሓተተ ብስንባደ። በቲ ዘለዎ ግሩም ትርኢት ፈጺሙ ኣይኣመነን። ኑበሱ ኣብ ቦታ እቲ ሰብኣይ ክእትዋ ደለየ። መጻኢኡ ዝበርሀ ኮይኑ ተሰመዖ። ከምዚ ኢጋጣሚ ኣጁፍዎ ኣይፈልጥን እዩ። ናይ ሎሚ ሓጎሱ ነዚ ክሰምዕ ዝተኣበየ መሰሎ። ሓቂ ምኻኑ ግን ኣየረጋገጸን።

እቲ ሰብኣይ፤ "እወ ኣርባዕተ ዓመት ክረምቲ በለስ ሸይጠ" ክምስ ብምባል መለሰሉ።

"እዋእ እንታይ ትብል ኣለኻ!" ኣቤል ደንጸዎ። ቀጺሉ፤ "ግን ከምኡ ኣይትመስልን ኢኻ" እናተገረመ፥ ምስ ዓበየ ከምኡ ክኸውን በሆ። ተሰፍኡ ድማ በረኸ።

"ሰብ ብደገኡ እንታይ ከምዝበረን እንታይ ከምዝኾነን ኣይፍለጥን እዩ። ኣነ ምስ ደቂ ገዛውተይ ሰዓት ክልተ ናይ ለይቲ እናተንሳእና ካብ ዓረብ ረቡዕ ደርፎ፥ መገዲ ቀጠን እሽካሮ . . . ዝበዝሉ ቦታታት ደርፎ ወፊርና በለስ ነምጽእ ነይርና። ክገርመካ እቲ ህይወት'ቲ ኣዝዩ እዩ ዝናፍቕ። ክረምቲ ክኸውን እንከሎ በለስ እናበላዕኩ ነቲ ምቁር ህይወት ቍልዕነተይ እየ ዝዝክር" ኣብ ትዝታ ኣተወ። ኣብ ኣዒንቱ ንብዓት ዝቛጸረ መሰሎ።

ኣቤል፤ "ወዲ ክንደይ ዓመት ነይርካ ማለት'ዩ?" ተመሳሰጦ ብዘመልኦ ሰምዒት ሓተቶ።

"ንስኻ ሕጂ ወዲ ክንደይ ዓመት ኣለኻ?" ሓተቶ ከም ኣመሉ ድቕቕ ዝበለት በለስ እናመረጸ።

"ኣነ ድኣ ወዲ ዓሰርተ ሓደ ዓመት። ተመሃራይ ሻሙናይ ክፍሊ እየ። ስለምንታይ'ከ በለስ ትሸይጥ ነይርካ?" ሓተተ በለስ ኣልዒሉ እናቐረበ።

"ኣነውን ልክዕ ክንዳኻ ነይረ። ወዲ ዓሰርተ ሓደ ዓመት። ተመሃራይ ሓሙሻይ ክፍሊ። ስለምንታይ በለስ ትሸቅጥ ነይርካ ዲኻ ኢልካኒ?"

"እወ ማለት ተጸገምኩም ዲኹም?" ብዀፍታ ቃላቱ ኣውጽኦን።

"እወ ኣቦይ ብንእሹቶና እንክለና እዩ ሞይቱ። ኣደይ ድማ እንዳ ሰቡ ሚያዋለ እናሰርሐት ተዕብየና ነይራ። ስለዚ ንሕዴና ክንሕግዝ ኢና በለስ ክንሸይጥ ጀሚርና። ክገርመካ እቲ በለስ ምሻጥ ባዕልና ኢና ጀሚርናዮ። ሓደ ካብ መተዓብይትና ብሓደ ወይ ክልተ ዓመት ዝዓቢ ዓርኪ ነይሩና። ሓደ መዓልቲ 'በለስ ሸይጥና ናይ ትምህርትና ባዕልና ዘይንኸእል' ዝብል ሓሳብ መጺኡና። ሽዑ ኣነ ተኾሉ ዝበሃል ዓርከይ፥ ንሱ ሳልሳይና ኴንና በለስ ክንሸይጥ መዲብና። ብድሕሪኡ ዘክበል ገዚእና ሰለስተ ናቕፋ ሒዝና ናብ መደበር በለስ ክንገዝእ ኬድና። እንተኾነ በተን ሰለስተ ናቕፋ ዝገዝእ በለስ ኣይነበረን። እታ ዝውሓደት ዘክበል ሸዱሽተ ናቕፋ እያ ነይራ። እተን ዝተረፋ መን ክምልኣልና። ሽዑ እቲ መተዓብይተይ፤ 'እሞ ምስቶም ሰብ ኣድጊ፥ ሰብ ገመል ኬድና ባዕልና በለስ ዘይነምጽእ' ዝብል ሓሳብ ኣምጺኡ፤" እቲ ሰብኣይ ኣብ ሓሳብ ኣትዩ ሰቕ በለ።

ይቕጽል

## እዋእ! እንታይ እሞ!

ክልተ ተማሃሮ ደው ኢሎም የዕልሉ ነበሩ። ኣነ ድማ ኣብ ጥቓኦም ስለዝነበርኩ ዘዕልልዎ ዝነበሩ እሰምዖም ነበርኩ።

እታ ሓዳ፤ "ኣንታ ሶሚ ደኣ ንዓዕ ሰኣላይ እንድዩ ከይኑ። ንኣዴኡ ስኢሉዋስ እዋይ ክትጽብቕ" ብምባል ስም ሰብ ጠቒሳ ክንእድ ጀመረ።

እቲ ካልኣይ፤ "እዋእ! እንታይ እሞ!" ከይተገደሰ ተዛረበ።

እቲ ሓዳ፤ "ኣንታ ዓርከይ ሰኣላይ ኮይኑ እናበልኩኻ 'ጽቡቕ' ትብል እምበር 'እንታይ እሞ' ኢልካ ትዛረብ" ዝሓረቐ መሰለ።

እቲ ካልኣይ፤ "ዋላ ሓንቲ። ሰኣላይ ኮይኑ ኢልካዒ ንዓይ እሞ እንታይ እዩ" ንሱ'ውን ሓረቐ።

እቲ ሓዳ፤ "ንስኻስ ሰቕ ኢልካ ኢኻ። ሓደ ሰብ ጽቡቕ እንተሰሪሑ 'ጽቡቕ' ኢልካ ክተተባብዖ ኣለካ። ንስኻ ድማ ካልእ ግዜ ጽቡቕ ሰራሕ ምስ ሰራሕካ ንሕና ድማ ነተባብዓካ" ከረድኦ ፈተነ።

እቲ ካልኣይ፤ "እወ ጽቡቕ ኣለኻ ግን ዝኾነ ሰብ ክሰርሕ ይኽእል እዩ" ወሰኸ።


እቲ ሓዳ፤ "እዋይ ንስኻስ ከመይ ዓይነት ሰብ ኢኻ፤ 'ጽቡቕ' እንተበልካ እንታይ ትኸውን?" ሕርቃኑ ቀጸለ።

እቲ ካልኣይ፤ "እንተዘይበልኩኸ?" ተገምጢሉ ሓተቶ።

ከምዚ ኢሎም እናዕለሉ እንክለዉ ጉዳያም ከይዱ። ዕላሎም ግን መመላእታ ኣብ ኣእምሮይ ይደጋገም ነበረ።

ሕራይ እምበኣር ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ቆልዑ ዝነበረ ዕላል፤ እቲ ካልኣይ ተባሂሉ ዘሎ ንዝተሰርሐ ጽቡቕ ሰራሕ ከድንቕ ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ እቲ ሓደ ብዘተዓዘቦ ስእሊ ኣደኒቑ።

ብዙሕ ግዜ እትደጋገም ቃል ኣላ ንሳ ድማ፤



'እንታይ እሞ!' እትብል ናይ ዘየድንቑ ሰባት ቃል እያ። ዝኾነ መተዓብይትኹም፥ ወዲ ወይ ጓል ክፍልኹም፥ ጎረቤትኩም ጽቡቕ ሰራሕ ወይ ጽቡቕ ውጽኢት ከምጽእ እንከሎ ከተተባብዕዎ ሰናይ እዩ። እቲ ጽቡቕ ዝሰርሐ ድማ መመሊሱ ጽቡቕ ንኽሰርሕ ሞራል ይኾኖ እዩ። እንተዘይኮይኑ ጽቡቕ ንዝሰርሐ ሰብ፤ 'እንታይ እሞ!' ብምባል ሞራሉ ክንስብሮ ኣይግባእን። ጽቡቕ ሰራሕ ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ፤ 'እዋው! ኣገዳሲ ደስ ዝብል ሰራሕ እምበር። ከመይ ገይርካ ደኣ ሰሪሕካዮ? ካብዚ ንላዕሊ ክትሰርሕ ክጸበየካ እየ' ብምባል ሞራል ክንህቦ ኣገዳሲ እዩ።

ገለ ጊጋ ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ ድማ ክንዲ 'ሕማቕ ሰራሕ' ምባል፤ 'እዛ ሰራሕካ ኣብዚን ኣብትን ጽብቕቲ ሰራሕ እያ። ተወሲኺ ግን ኣብዚኣ ከምዚ እንተትገብረላ ጽቡቕ ነይሩ። እዛ ሰራሕ ካብዚ ዝሓየ ንላዕሊ ጽቡቕ ምኾነት' ኢልና ጽቡቕ ናይቲ ሰራሕ ነጊርና ክእረም ኣለዎ ዝበልናዮ ሓሳብ ክንህቦ ይግባእና።

እምበር፤ "እንታይ እሞ" ብምባል ሞራል ሰብ ክንስብር ኣይግባእን። ንሕና'ውን ኣብ እንሰርሓሉ ግዜ ናይ ሰባት ሞራል ከድልየና ምኻኑ ክንርዳእ ኣሎና። ከምቲ ንዖና ናይ ሰባት ሕማቕ ቃላት ዝጎድኣና፥ ንኻልኦት'ውን ሕማቕ ቃላት ከምዝጎድኦም ክርደኣና ኣሎዎ።

ስለዚ ፍቱዋት ተመሃሮ፥ እዛ 'እንታይ እሞ' እትብል ናይ ምስትንዓቕ ዘረባ ግደፉዋ። ናይ ሰባት ጽቡቕ ስራሕ እንተቐሺኡኩም፥ ከምቲ ናቶም ክትሰርሑ ጸዓሩ። እምበር ንዝሰርሑ ሰባት ተስፋ ከተቕርጹ የብልኩምን። ሰናይ ቅነ!!

## መልሲ ግድል ደደ

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3 | 4 | 6 | 7 |
| 9 | 0 | 8 | 1 |

ምድማር

0 + 7 = 7

6 + 1 = 7


ምጉዳል

9 - 4 = 5

8 - 3 = 5

## ፍልልያት ርኸቡ

ፍቱዋት ተመሃሮ ካብዘን ተዋሂበን ዘለዋ ክልተ ስእልታት ዓሰርተ ፍልልያት ርኸቡ። ፍልልያት ድሕሪ ምርካብኩም ሕብሪ ልኸዩ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ገብረየውሃንስ ተኸሳሲቲ ወረ/ፍ/ ሄራት ትብለጽ ክፍለም ወ/ሮ ምዕራፍ ክፍለም +8፡ 1.መም/ኣስቲፋኖስ ክፍለም መብራህቱ 2.ወ/ሮ ኣሰካሉ ክፍለም መብራህቱ 3.ኮ/ኣለን ክፍለም መብራህቱ ተተካእቲ ደቃ 1. ኣስመረት መሓሪ 2.ዕድላዊት መሓሪ 3.ሄና መሓሪ 7.ስወእ ሰለሞን ክፍለም መብራህቱ ተተካኢ. ወዱ ኣሲያስ ሰለሞን፣ ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.4 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃልቲ 1.ሩት በርሀ ተስፋስላሰ 2.ዩኤል በርሀ 3.ንፍታለም በርሀ 4.ሸሻን በርሀ ወኪል ሃይማኖት ጎይትኦም፡ ወሃብቲ መልሲ ወረስቲ ነ/ፍ እማ ርእሶም ወልደገርግሽ የናስ እማ ርእሶም +12 ከምኡ'ውን ወ/ሮ ኤልሳ ኢሳቕ ዘሎ ክርክር፡ 1.ኤሸን እማ 2.ተኽለም እማ 3.ወልዱ እማ 4.ወለሽ እማ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ክሳሲ ኣቶ ከሰተ ወልደትንሳኤ ትንበኑ ተኸሰስቲ 1.ወ/ሮ ኤልሳ ወልደትንሳኤ ትንበስ 2.ተበርሀ ወልደትንሳኤ ትንበስ 3.ሳባ ወልደትንሳኤ ትንበስ 4.ፍረወይኒ ወልደትንሳኤ ትንበስ 5.ወዘሸ ወልደትንሳኤ ትንበስ 6.ነፍ/ብርኽቲ ወልደትንሳኤ ትንበስ ተተካእቲ ደቃ 6.1 ያፌት ለኣከ 6.2 ልዋም ለኣከ 7.ወረስቲ /ፍ ገብረኤላ ወልደትንሳኤ ትንበስ 7.1 ኤልሳ ወልደትንሳኤ ትንበስ 7.2 ነፍ/ ቢየን ወልደትንሳኤ ትንበስ ተተካእቲ 7.2.1 በረኸት ቢየን ወልደትንሳኤ 7.2.2 ሚካኤል ቢየን ወልደትንሳኤ 7.2.3 ሰምሃር ቢየን ወልደትንሳኤ 7.2.4 ዊንታ ቢየን ወልደትንሳኤ 7.2.5 ማርታ ቢየን ወልደትንሳኤ 7.2.6 ኣማኑኤል በየነ ወልደትንሳኤ 7.3 ተበርሀ ወልደትንሳኤ ትንበስ 7.4 ሳባ ወልዱ ትንበስ 7.5 ፍረወይኒ ወልደትንሳኤ ትንበስ 7.6 ወዘሸ ወልደትንሳኤ ትንበስ 7.7 ነፍ/ብርኽቲ ወልደትንሳኤ ትንበስ 7.7.1 ያፌት ለኣከ 7.7.2 ልዋም ለኣከ ተኸሰስቲ ቁ.2.ተበርሀ ወልደትንሳኤ ትንበስ 3.ሳባ ወልደትንሳኤ ትንበስ 4.ፍረወይኒ ወልደትንሳኤ ትንበስ 5.ወዘሸ ወልደትንሳኤ ትንበስ ወረስቲ 6.ነፍ/ብርኽቲ ወልደትንሳኤ 6.1 ያፌት ለኣከ 6.2 ልዋም ለኣከ ከምኡ'ውን ተኸሰስቲ ቁ.7.2.6 ኣማኑኤል በየነ ወልደትንሳኤ ኣብ ልዕሌኹም ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ት/ዕድመ ብወለዱ ኣበሉ ክብረኣብ ግርማጽዮን ኪዳ ምባል ተረፉ፡ ኬብሮን ግርማጽዮን ኪዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

ኑርዓይኒ መሓመድ ኣማን ምባል ተረፉ፡ ኑርዓይኒ መሓመድኣማን ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ሶልያና ሚከኤል እምባየ ምባል ተረፉ፡ ደሊና ሚከኤል እምባየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ተኽለዝጊ ህብተዝጊ ዕቑባዝጊ ምባል ተረፉ፡ ተኽለ ህብተዝጊ ዕቑባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ኣርዓዶም ሃብተሚካኤል ሓምባር ምባል ተረፉ፡ መሲ ያቆብ ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ክሳሲ ወረሰ/ፍ መሓመድያሲን ዓሊ ትካእ፡ ወረሲ ሰወእ ዓብደልዓዚዝ መሓመድያሲን ወረሲ ኣቶ ኣሚር ዓብደልዓዚዝ ተኸሰስቲ ወረስቲ መሓመድያሲን ዓሊ ትካእ 1.ወ/ሮ ሕርያ መሓመድያሲን 2.ኣቶ ዓሊ መሓምድያሲን 3.ኣቶ ዑመር መሓምድያሲን 4.ኣቶ ሳልሕ መሓምድያሲን፡ ተኸሰስቲ 1.ወ/ሮ ሕርያ መሓመድያሲን ዓሊ.ትካእ 2.ኣቶ ሳልሕ መሓምድያሲን ዓሊ.ትካእ፡ ወረሲ ኣቶ ኣሚር ዓብደልዓዚዝ ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋሓሙስ

ኣቶ መድሃኔ ጎይትኦም ኣብርሃ፡ ኣቦይ ጎይትኦም ኣብርሃን ኣደይ ለተብርሃን ዓንደጽዮንን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መድሃኔ ፍቓዱ በሪሁ ኣለም ሰለሙን ወልደገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ብዚወት ከላ ዝገደፈትለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ወ/ሮ ምሕረት ገብረመድህን በራኺ፡ ሓፍትና ተለንተ ግደይ ገብረመድህን በራኺ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ 2 ሰወኣት ኣሕዋተይ ሰወእ ተጋ/ርእሶም ገብረመድህን ተተካእቲ 6 ደቁ፡ ሰወእ ተጋ/ ጸጋይ ገብረመድህን ተተካእቲ 2 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኸርያ

ህያብ ሰለሙን ሚከኤል ብዞማዚት ኢያሱብ ጉብረሂዎስ ኣቦይ ስለሙን ሚከኤል እምባየ ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ርበል ተስፋሚካኤል መሓሪ፡ ኣደይ ሶፍያ ሱሌማን ዑስማን ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ህዝባዊት ተስፋኣለም፡ ተኸሳሲ ፍስሃ ንጉሰ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ሳሙኤል ሓጎስ፡ ኣቦይ ሓጎስ የውሃንስ ናይዝጊ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ከምኡ'ውን ኣደይ ውዳስ ሃብቱ ክንፈ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሩት በራኺ፡ ኣደይ እዝግሄርን መለስ ገብረመድህ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ትካእ ክፍለዝጊ ወልደስላሴ፡ በዓልቲ ቤተይ ጸገ በየነ ብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍረዲ ገርጠጠ

ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብቱ ሰኢሉ ኣዴና ኣማረሽ በየነ ወልደገርግስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ቅሳነት ግርማይ ተስፋጽዮን ምባል ተረፉ፡ ተበርሀ ግርማይ ተስፋጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ሓምለ ን/ዞባ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ታሕጓስ ግሓረ ተስፋ፡ ተኸሳሲ ቀሺ ተስፋገርግስ ተኽለ ንጉሱ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳዕሮ ኮንዓት ን/ዞባ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ኣብርሀት ተወልብርሃን፡ በዓል-ቤተይ ክብረኣብ የናስ ወልደጊዮርግስ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ንፋስ ን/ዞባ ዓረዛ

ወ/ሮ ፍቓዱ ገብረማስቀል ትንሰኡ፡ በዓል-ቤተይ ኢሲያስ ገብረሂወት ተላ 6 ዓመት ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ናይ ፍትሕ ሰነድ ክውሃበለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 29/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ወቐርቲ

ኣቶ ተስፋኣለም ገብረስላሴ ደብሳይ፡ ዓባየና ወባ ተሰፉ ወልዱ ስለዝዋረፈት፡ ነፍ/ሄር ገብረስላሴ ደብሳይ ተተካእቲ 9 ደቁ፡ ነፍ/ ሄር ተስፋሚካኤል ደብሳይ ወልደገብረኤል ተተካእቲ 5 ደቁ፡ ነፍ/ሄራት ለተኪዳን ደብሳይ ወልደገብረኤል ተተካእቲ 6 ደቃ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣቤል መለስ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ኣቤል መለስ ጊላሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣምለሰት ዘርኣይ ገብሩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሉእብርሃን ኣድሓኖም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲት ወ/ሮ ሓቂደስኣር መለስ ካሕሳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ማእከለ ጺድቕ፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ወርቁ ከሮስ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓል ሂወት ተስፋኣለም ምባል ተረፉ፡ የዲት ተስፋኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ ሰንዓፈ

ሂወት መብራህቶም ሃይሉ፡ በዓል-ቤተይ ሰሎሙን የማን በላይ ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቅና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓኪር ን/ዞባ ሰንዓፈ

ትርሓስ ገብረእግዚኣብሄር ምራጭ፡ ኣደይ ተበርሀ ኣብርሃ ገብረሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 5 ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓደርደ ን/ዞባ ኣቑርደት

ወ/ሮ ይሕደጋ ቀለታ ተኽለይ፡ በዓል-ቤተይ ተከኤ ሞጎእ ፍረዝጊ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባ/ ኣፍዓበት

ሓምድ ሸክ ሓሰን ዓብዱ ምባል ተረፉ፡ ሓምድ ሼክሕሴን ዓብደልዓዚዝ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓሰቡይ ዓሰብ

ኣቶ ሓደሽ ኣርኣያ ተወልደ፡ ኣቦና ኣርኣያ ተወልደ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣረጋሽ ግርማይ ዘርኡ፡ ብስም ኣቶ ኣማኑኤል ጸጋዮ ገብረሂወት ኣብ ዞባ ማእከል፡ ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል፡ ከበቢ ዚፕ ኮድ ሓደሽ ዓዲ 01/1A132 ፡ ቁጽሪ ፓርስል ASP00005101፡ መለለዪ ገዛ ASD00006410፡ ኣብ ስፍሓት መሬት 90 ት/ሜ ዝተደኮነ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 6472/19 ዝተመዝገበ ብዓል 5 ክፍሊ፡ ብመሸጣ ስለ ዝዓደግዎ'ሞ ካብ ስሙ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ኣብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መኣገዲ ሰነድ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ወ/ሮ ኣረጋሽ ግርማይ ዘርኡ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 8 ን/ዞባ 02 ዞን ምህራም ጭራ ሎታ 86 ፓርሰል ክፍል 'ዲ' ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብመለለዪ ቁጽሪ 00161፡ መወከሲ ቁጽሪ 140076፡ ብስም ኣቶ ደከኣሎ ተኽለ ገብረማርያም ዝተመዝገበ፡ ኣብ መዝገብ መሸጣ ውዕል ንብረት ቁ.መዝገብ 51193 ብጠቕላላ ቁ.መዝገብ 84797 ብስም ጉዩይ ኢብራሂም መሓመድን ኢማም ሰዒድ ኣሕመዲንን ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋግጽናዮ ውርሻ መሰረት፡ ክፋሉ ማለት 50 ት/ሜ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኢብራሂም ኢማም ሰዒድ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊ. ወረ/ነፍ ኪዳነ ከልብ ኣቶ ሃይለ ኪዳነ ከልብ፣ ወሃቢት መልሲ. ወረ/ነፍ ኪዳነ ከልብ፣ ኤልሳ ተስፋገርግሽ ኪዳነ +38 ዘሎ ክርክር፣ ወሃቢት መልሲ፦ 1.3 ኣልጋሽ ተስፋገርግሽ ኪዳኑ፣ 1.5 የናስ ተስፋገርግሽ ኪዳኑ፣ 1.7 ኢሰያስ ተስፋገርግሽ ኪዳኑ፣ 1.8 ተስፋይ ተስፋገርግሽ ኪዳኑ፣ 2.3 ኣማኑኤል ገ/ሄር ኪዳኑ፣ 2.4 ኣኽበረት ገ/ሄር ኪዳኑ፣ 2.5 ኤደን ገ/ሄር ኪዳኑ፣ 2.6 ሰናይት ገ/ሄር ኪዳኑ፣ 2.7 ሰምሰም ገ/ሄር ኪዳኑ፣ 2.8 ኢያሱብ ገ/ሄር ኪዳኑ፣ 3.1ጽጌረዳ ጸሃየ ኪዳኑ፣ 3.2 ኣብርሃም ጸሃየ ኪዳኑ፣ 3.3 የማነ ጸሃየ ኪዳኑ፣ 3.4 ተኸስተ ጸሃየ ኪዳኑ፣ 3.5 የናስ ጸሃየ ኪዳኑ፣ 3.6 ክብሮኣብ ጸሃየ ኪዳኑ፣ 3.7 ሄለን ጸሃየ ኪዳኑ፣ 3.8 ሚሮን ጸሃየ ኪዳኑ፣ 4.2 ፊልሞን ተኽለ ኪዳነ 4.3 ዘቢብ ተኽለ ኪዳነ 4.4 ሉተዝቢ ተኽለ ኪዳነ 4.7 የዲት ተኽለ ኪዳነ 7.1 ክፈላ ሃይለማርያም 7.3 ሰለሙን ሃይለማርያም፣ 7.4 ዳንኤል ሃይለማርያም፣ 7.6 ርብል ሃይለማርያም፣ 7.7 ማዘዎስ ሃይለማርያም፣ 9.6 ሳራ የውሃንስ 10. ንግስቲ ኪዳኑ 12 ዳዊት ኪዳነ 13 ኣረጋሽ ኪዳነ ን14/9/2023 ኣብ ቤ/ፍ መውዳእታ ይግባይ ስሚዒ መጋብኢያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/መሰል 1.ጉብረብርሃን ሰለሙን ጉብራይ 2.ደርጋኣለም ተወልደ ብፍ/በ/ዕዳ 1.ተስፋልደት ጉብረስላሴ 2.ኣስማይት መብራሁቱ ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ሳይሞን ተስፋሚካኤል ይግዛው፣ ስም ኣደይ ደርጋኣለም ወልደገርግሽ ምባል ተሪፉ፣ ይግርኣለም ጉብረገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኣቤል ኣለም ግደይ ምባል ተሪፉ፣ ኣቤል ኣለም ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ።

ሰላሕ ማሕሙድ መሓመድሳልሕ ምባል ተሪፉ፣ መሓመድ ሳልሕ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ. ኣሰረስ እስቲፋኖስ +8፣ ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ እስቲፋኖስ በርሀን ጸገ ናይዚ. ሰለሙንን ኣቶ ኣሰረስ እስቲፋኖስ፣ ሰናይት እስቲፋኖስ፣ ምሕረት እስቲፋኖስ፣ ዘወንጌል እስቲፋኖስ፣ ኣስቴር እስቲፋኖስ፣ ጉብረኤላ እስቲፋኖስ፣ ወረ/ነፍ ሙሴ እስቲፋኖስ፣ ወረ/ነፍ ሙሴ እስቲፋኖስ በርሀ ዝኾኑ የውሃና ሙሴ፣ ባትሴባ ሙሴ፣ ዓብዪ ሙሴ፣ ቶማስ ሙሴ፣ ሚልኪያስ ሙሴ፣ ጉብረኤላ ሙሴ ንምቅሊት ውርሲ. ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ትሕቲ ዕድመ ኣዶናይ ፍስሃየ ጉብረያውሃንስ ብዞማዚቱ ወ/ሮ ዓወት ጺጋይ መሓሪ ኣብሉ፣ ኣዶናይ ፍስሃየ ጉብረያውሃንስ ምባል ተሪፉ፣ ዳዊት ፍስሃየ ጉብረያውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/10/23 ኣብ 2ይ መጋብኢያ ቁ.35 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኸርያ

ኣቶ ተኽለ ጉብረገርግሹ ሓብትና ኣብርሀት ጉብረገርግሽ ስለዝዋረፈት፣ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍቓዱ ወልደጉብርኤል ዓጽመት፣ ኣደይ ወ/ሮ ሓጎሳ በራኺ. ጭሩም ስለዝዋረፈት፣ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣዜብ ጸሃየ ካሕሳይ፣ ኣዴና ትርሓስ ቀሺ. ኣርዓዶም ብርሃ ስለዝዋረፈት፣ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ስዕዲ ፍሊ. ሰዒድ፣ ተኸሳሲ. ኣቶ ሰለሙን በዩ፣ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ከሳሲ. በይን ታይልስ ሓዚብማ ኣኪያዲ ስራሕ ኣቶ ሙሉጌታ በዩን፣ ተኸሳሲ. ተስፋኣለም የማነ ጉብረእግዚኣብሄር፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ'ሞ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣነ ወ/ሮ ሸዋይኽሽ ኣስፍሃ ሰለሙን፣ በዓልቤተይ ብርሃ ጠላሁን በርሄ ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተጋ/ኣቦ በርሀ ኣባይ፣ በዓልቤተይ ሚጃር በየነ በርሀ ስለዝዘተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ግደይ ወልዱ ጉብረመድህን፣ በዓል ቤተይ ጉብረክርስቶስ ካፍል በራኺ. ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ኣሰምረት ተወልደብርሃን ጉብረመድህን፣በዓልቤተይኢያሱብሃብተጼን ጉብረእንድርያስ ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ህድኣት ገ/ሚካኤል በራኺ፣ በዓል-ቤተይ በረኸት ሃይለ ወልደማርያም ስለዝዋረፈ፣ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 9 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ሓበን ክፍለ ወልደሚካኤል፣ ተኸሳሲ. ኣቶ ኣንገሶም ገረኪዳን ተኽለሃይማኖት፣ በዓልቲቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ. ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ'ሞ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ኣቦ ጺጋይ እስቲፋኖስ፣ ወደይ ሄኖክ ተስፋማርያም ስለዝዘተሰውአ፣ ወላዲኡ'ውን ስውእ ስለዝኾነ፣ ኣነ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከረን

ጴጥሮስ ኣፈወርቂ እዛዘ ምባል ተሪፉ፣ ጴጥሮስ ስልጣን ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን8/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ፈይማ ዑስማን ዑመር ምባል ተሪፉ፣ ፈሂማ ዑስማን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢብራሂም መሓመድ ኢብራሂም፣ ሳዕድያ ሚያ ዓሊ፣ ት/ዕድመ ጓልና መጠረያ ኢብራሂም መሓመድ ምባል ተሪፉ፣ መርዋ ኢብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ንኡስ ዞባ ፎርቶ ሳዋ

1.ወ/ሮ ርዚና ኪዳነ 2.ወ/ሮ ኢሰክራ ኪዳነ 3.ወ/ሮ ፍዮሪ ተስፋሚካኤል፣ ኣዴና መኣዛ ወልደጉብርኤል ስለዝዋረፈት፣ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብቲ ኮነ ንብረት ሰለስቴና ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

### ምስጋና





ብሞት ኣዚና ነፍቅሮም ወለድና ኣቶ ደበሳይ ደብረጽዮን ስብሃቱን ወ/ሮ ኤልሳ ዓንደጽዮን ተስፋሚካኤልን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማም ወላዲትና እናተመላለስኩም ዝበጻሕኩምና፣ ኣብ ግዜ ሞቶም ክሳብ ደርሰኦይ ኬድኩም ዘቓብርኩምና፣ ኣብ ሓዘንና ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ነፍልጥ።

ደቆም ምስ ምሉኣት ስድራቤቶም።

---

ኣነ ካሕሳይ ወልደጋብር ጊላማርያም ዝተበሃልኩ፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ምም 10 (ምም/ን/ዞባ ጉዳይፍ) ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ፣ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቀት 108945፣ መወከሲ. ቁጽሪ 132755፣ ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኡ፣ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ካብ'ዚ. ክፋሉ ስለ ዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓዳጊት ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ. ምልክታ እዚ. ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ. ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ካሕሳይ ወልደጋብር ጊላማርያም

---

ሓፈሻዊ ኣኼባ ሰብ ብርኪ. ማሕበር ትምህርታዊ ትካል ቤት ትምህርቲ ፒንሬሎም ንዕለት 8 ሓምለ 2023 ንኽካየድ ተጻዊዑ ምልኣተ ጉባኤ ስለዘይተረኽበ፣ ንቕዳም ዕለት 29 ሓምለ 2023 ንግሆ ሰዓት 9:00 ኣብ ጥቓ መሐንበሲ. ኣስመራ ዝርከብ ቅድመ ትምህርቲ፣ ኣኼባ ክካየድ ስለዝኾነ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ወከልትኹም ንኽትርከቡ ንዕድም።

ኣብ'ዚ. ኣኼባ ምልኣተ ጉባኤ እንተዘይተረኺቡ፣ ብቶም ኣብ ኣኼባ ዝተሳተፉ ኣባላት ውሳኔ ከምዝወሃብ ንሕብር።

ቦርድ ቤት ትምህርቲ

---

ንሕና ወረስቲ ነፍ/ዓብደልቃድር ኢብራሂም ሓጎስ፣ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማ/ከተማ ዚ.ፕ 1A176 ፕሎት 49 ፓርሰል (D) ዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመ/ቁ/ንብረት 1:013129/1 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሲ. ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ. ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ. ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ወረ/ነፍ ዓብደልቃድር ኢብራሂም

---

ንሕና ወረስቲ ነፍ/ዓብደልቃድር ኢብራሂም ሓጎስ፣ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ዚ.ፕ 1A134 ፕሎት 10R ፓርሰል (H) ኤች ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ም/ወ 103759 ብመ/ቁ 114244 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ. ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ. ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ. ሐዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ወረ/ነፍ ዓብደልቃድር ኢብራሂም

---

ኣመልካቲት ልችያ ተወልደ ዝተበሃልኩ፣ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ. ሓዙሓዝ ዝርከብ ሰፍሓት መሬት 107 ት/ሜ ፓርሰል E ፕሎት 18 ASD 00014043 ዝኾነ ቀንዲ. ክፍሊ. 4 ምስ 2 ተሓጋገዝቲ ዘጠቓለለ መንበሪ ገዛ፣ ቁጽሪ መዝገብ ንብረት 1BRASM01668710 ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብስም ለምለም ጉብረመድህን +1 ዝተመዝገበ ተራ ገዛ ስለዝዓደግዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ. ሐዙ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ልችያ ተወልደ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር ሓይሊ ኣየር...

ስፖርትዊ ቅነ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ሰለስተ መዓልታት ብኩዕሶ እግሪን መርበብን ቀጺሉ ምንባሩ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረዲኡ።

ብሰለስ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ጸሓይ በርቂ ንማሰረት 4ብ3 ክትስዕራ እንከላ፡ ሕድሪ ከኣ ንፈንቅል 5ብ2 ኣፋንያታ። ብዘይካ'ዚ፡ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ሮቤት ንሓለቡት ዊና ድማ ንጀግኖት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 3ብ0 ሰዒረናአን።


ረቡዕ ኣብ ዝቐጸለ እዚ ውድድር፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ፈንቅልን ሓለቡትን 0ብ0 ክፈላለያ ከለዋ፡ ሮቤት ኣብ ልዕሊ ጸሓይ በርቂ 2ብ0 ተዓዊታ። ኣብ ኩዕሶ መርበብ እቲ ጾታ ድማ፡ ጸሓይ በርቂ ንሮቤት 2ብ0፡ ሓለቡት ከኣ ንፈንቅል 3ብ1 ኣሰኒፈናአን።

ብዘይካ'ዚ፡ ትማሊ ኣብ ዝነበረ ውድድር - ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ መሰረት ንጀግኖት 2ብ0፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ሓለቡት ንሮቤት 4ብ2 ሰዒረንአን፤ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ድማ፡ መሰረት ንጸሓይ በርቂ 3ብ1 ሰዒራታ።



## ኤርትራ፡ ኣብ ምድብ ሓሙሽተ በጺሕዋ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ብሓሙስ 13 ሓምለ ኣብ ኣይቮሪኮስት ኣብ ዝወደቐ ዕጫ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ኣብ ምድብ ሓሙሽተ በጺሕዋ።




እቲ ዕጫ፡ ኣብቲ ሓፈሻዊ ኣኼባታት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ዝተኻየደሉ ዝወደቐ ኮይኑ፡ በዚ ከኣ 54 ሃገራት እቲ ኣህጉር ኣብ ትሽዓተ ምድባት ተደላዲለን ኣለዋ። በዚ መሰረት፡ ኤርትራ፡ ኣብ ምድብ ሓሙሽተ ኣንጻር ሃገራውያን ጋንታታት ሞሮኮ፡ ዛምብያ፡ ኮንጎ፡ ታንዛንያን ኒጀርን ናይ ክልተ እግሪ ግጥም ከተካይድ እያ። ብመሰረት ካፍ ኣቐዲሙ ዘውጸኦ መደብ ከኣ፡ ቀዳማይ ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ዝመጽእ ሕዳር ክተየድ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ውልደሃይማኖት፡ ዋና ጸሓፊ ሙልጌታ ገብረትንሳኤን ሓላፊ ፋይናንስ የውሃንስ ግርማይን ኣብ ከተማ ኣቢጃ ኣብ ዝተቓንዐ ኮንግረስ ተሳቲፎም።

## ሙኒክ፡ ንኣቦ መንበር ቶተንሃም ረኺባቶ

ገለ ሰበስልጣን ባየር ሙኒክ፡ ብጉዳይ መስርሕ ምስግጋር ሃሪ ኬይን ምስ ኣቦ መንበር ክለብ ቶተንሃም ዳኒኤል ለቪ፡ ትማሊ ብምስጢር ከምዝተራኸቡ፡ ጀርመናዊት ጋዜጣ ቢልድ ኣብ ዓምዳ ኣሰፊራ።

ብመሰረት ምንጪታት፡ ዳኒ ለቪን ሰበ ስልጣን ሙኒክን ንፈለማ ግዜ ትማሊ ኣይተሩን ተራኺቦም። ሙኒክ ንኬይን መሪሕ ኣጥቃዓይ ንምግባር ካብ ዘለዋ ሕልሚ፡ ብተደጋጋሚ ማዕጾ ቶተንሃም ምኹሕኳሓ ይሕበር።

ይኹን'ምበር፡ እዛ ዓርሞሸሽ ጀርመናዊት ክለብ፡ ክልተ ግዜ ዘቕረበቶ ሕቶ (እቲ ካልኣይ 70 ሚልዮን ፓውንድ ነይሩ) በዛ እንግሊዛዊት ክለብ ከምዝተነጸገ ይገለጽ። እንተኾነ፡ ዛጊት ነዚ ኣጥቃዓይ ንምውናን ተስፋ ገይራ ምህላዋ እዩ ዝግለጽ። እዚ ናይ ትማሊ ርክብ'ውን ብተመሳሳሊ ፍረ ዘይረኸበ ከምዝነበረ ጋዜጣ ስካይስፖርትስ ተረዲኡ።

ብጉዳይ ኬይን ድቃስ ካብ እትስእን ዓመታት ኣቑጺራ ዘላ ቶተንሃም፡ ነዚ ተጻዋታይ ከምዘይትሸጦ ብምግላጽ ኣብ መትከላ ጸኒዓ ምህላዋ ይግለጽ። ይኹን'ምበር፡ ውዕል እዚ ተጻዋታይ ኣብ ሰነ 2024 ዘብቅዕ ብምዃኑ፡ ሎሚ ዓመት ሓዲሽ ውዕል ክይፈረመ ማልያኣ ለቢሱ እንተተጻዊቱ፡ ንዓመታ ብናጻ ክትከስሮ ክትቅሰብ እያ። በዚ ኸኣ፡ ወርሓዊ 400 ሽሕ ፓውንድ እናኸፈለት ሓዲሽ ውዕል ኣፈሪማ ከተጻውቶ ተሓብብሎ ምህላዋ - ምንጪታት የረድኡ። ኣብዚ ክረምቲ፡ 120 ሚልዮን ፓውንድ እንተተቐሪቡላ ግና ክትለቆ ከምትኽእል'ውን ይእመት እዩ።

ብመጽናዕቲ፡ ኬይን ወላ'ኳ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ እታ ጋንታ እንተኾነ፡ ዝኾነት ዋንጫ ከይዓተረ ናይ ጸወታ ግዜኡ ከይዛዘሞ ሰጊኡት ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ቶተንሃም ወላ'ኳ ንፖስተግሉ - ሓዲሽ ዓሰልጣኒ ቀጺራቶ እንተሃለወት፡ ንጽዋእ እትወዳደር ጋንታ ገይሩ ክሃንጻ ግና፡ ገለ ዓመታት ክወስደሉ ምዃኑ ይእመን። ብተወሳኺ፡ ኬይን ዝመጽእ 28 ሓምለ - 30 ዓመት ዝመልእ ምስ ምዃኑ፡ ሓዲሽ ብድሆ ዝፍትነሉ እቲ ቅኑዕ እዋን ሕጂ ክኸውን ከምዘለዎ ገለ ወገናት ማዕዳኦም ይልግሱ። እንተ ብዘዕባዚ ዝኾነ ቃል ዘየምለቐ ኬይን፡ ትማሊ ንቅድመ ልምምድ ምስ ጋንታኡ ናብ ኣውስትራልያ ተጓዒዙ ምህላዉ ይግለጽ።

*** ኣብ ቶተንሃም ዋንጫ ከይዓተሩ ድሕሪ ምፍናዎም ብሜልያ ካልኦት ክለባት ዘጽበረቑ ተጻወትቲ፤**

ሞድሪች፡ ካብዛ ጋንታ ኣብ 2012 ናብ ሬያል ማድሪድ ድሕሪ ምስግጋሩ፡ ዛጊት 23 ዋናጩ ዓቲሩ።

በይል፡ ኣብ 2013 ዝኸበረ ተጻዋታይ ኮይኑ ናብ ሬያል ማድሪድ ምስ ተጸምበረ፡ ክሳብ 2022፡ 15 ጽዋኣት ኣስተማቒሩ።

ምከር፡ ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመታት ማለት ኣብ 2017 እዩ ናብ ማን ሲቲ ተሰጊሩ። ዛጊት ከኣ 14 ወርቂ ሜዳልያ ኣንጠልጢሉ።

ላሜላ፡ ንሸሞንተ ዓመታት ካብ 2013 ክሳብ 2021 ማልያ ቶተንሃም ለቢሱ፤ ብዘይካ ሰለስተ ብሩር መዳልያ ዋንጫ ኣይዓተረን። ዝሓለፈ ዓመት ናብ ሰቪያ ድሕሪ ምስግጋሩ ግና፡ ዋንጫ ኤውሮፓ ሊግ ኣልዒሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንዶምበለ - ምስ ናፖሊ ዋንጫ ሰሪኣ 2023፡ ትሪፐር - ዋንጫ ላ'ሊጋ ምስ ኣትሌቲኮ ማድሪድ 2021፡ በርባቶቭ - ሓሙሽተ ዋንጫ ምስ ማን ዩናይትድ፡ ቨርቶንገን - ዋንጫ ሊግ ፖርቱጋል 2023፡ ኤሪክሰን - ዋንጫ ሊግ ካፕ ምስ ማን ዩናይትድን ገለ ካብቶም ኣብዛ ጋንታ ጽዋእ ከየልዓሉ ድሕሪ ምውጽኦም ዋንጫ ከልዕሉ ዝኸኣሉ እዮም።

እሞኸ ደኣ፡ ኬይን ኣሰርምዶ ደስዕብ ይኸውን? ወላ'ስ ነዛ ወቕቲ ተጻሚሙ ይሓልፍ፡ ዶስ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ ሰሙናዊ 400 ሽሕ ፓውንድ እናተኸፍለ ምስዛ ዋንጫ ካብ ምልዓል ዝተሓረመት እትመስል ጋንታ ይቕጽል? . . . ኣብዚ መኣኮት ምስግጋር ክምለስ እዩ። ቶተንሃም፡ ኣብ 2008 ሊግ ካፕ (ናይ ሽዑ ካራባኦ ካፕ) ድሕሪ ምልዓላ ን15 ዓመታት ዝኾነ ዋንጫ ኣብ ከብሓ ኣየሰቐለትን ዘላ።

## ቅንጥብጣብ

* ተኸላኻሊ ኢያንስ ጁሪን ቲምበር፡ ትማሊ ምስ ኣርሰናል ምፍራሙ ክልቲኦን ክለባት ኣፍሊጠን። ኣርሰናል ወላ'ኳ ንኽንደይ ዓመታት ምስኣ ከምዝጸንሐ ኣይተግለጸ፡ ገለ ምንጪታት ግና፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ምፍራሙ ሓቢሮም።

* ትራፓኒ ዝተባሀለት ኣብ ራብዓይ ዲቪዥን ኢጣልያ እትጻወት ክለብ፡ ንኣይቮኮሪስታዊ ጆርቪኖ ንምፍራም ድሌታ ገሊጻ፡ ኣቐዲሙ፡ ንኣርሰናልን ሮማን ዝተጻወተ ወዲ 36 ዓመት ጆርቪኖ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ግሪኽ ምስ ኣሪስ ሳሎኒካስ ዝተባሀለት ክለብ ኣብ ምጽዋት ይርከብ።



## ጀሱስ፡ ካብ ማድሪድ ብልቓሕ ተፋንዩ

እስፓኛዊ ተጻዋታይ ሬያል ማድሪድ ጀሰስ ቫለጆ፡ ክሳብ ምዛዘም እዛ እትጅመር ወቕቲ ብልቓሕ ናብ ግራናዳ ክኸይድ ክልቲኦን ክለባት ከምዝተሰማምዓ፡ ንሱ'ውን ከምዝተቐበሎ ተገሊጹ።




እዚ ወዲ 26 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ወላ'ኳ ኣብ 2015 ናብዛ ጋንታ እንተተጸምበረ፡ እቲ ዝበዝሐ ግዜኡ ግና፡ ብልቓሕ ምስ ዛራጎዛ፡ ኢንትራክ ፍራንክፈርት፡ ዎልቭስ፡ ግራናዳ ሕጂ ኸኣ ደጊሙ ናብ ግራናዳ ብልቓሕ ተመሊሱ ኣሎ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብዛ ማድሪዳዊት ክለብ ቁጽሪ 5 ማልያ ዝለበሰ ዝነበረ ጀሰስ፡ ኣብዛ ወቕቲ ጁድ በሊንግሃም ብምፍራሙ፡ ነዛ ማልያ ነቲ እንግሊዛዊ ክህቦ (ብፍቓዱ ምዃኑ እዩ ዝንገር) እዩ ተራእዩ። ንሱ ኸኣ ቁጽሪ 24 ተቐቢሉ። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ወዲ 18 ዓመት ቱርካዊ ኣርዳ ጉለር ድሕሪ ምምጽኡ'ውን፡ ነታ ማልያ ኣረኪቡ ቁጽሪ 25 ክቕይር እዩ ተቐሲቡ። በዚ ድማ፡ ብገለ ወገናት 'ዘይዕድለኛ ተጻዋታይ' ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ሻምፕዮና ኩዕሶ ሰኪዐት ቀጺሉ

ሻምፕዮና ኩዕሶ ሰኪዐት ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ሓሙስ ብጸወታታት ሳልሳይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ቀጺሉ ምንባሩ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።

ፈለማ ጋንታታት ኮኾብን ንእሽቶን ኣብ ዝተፋለማሉ፡ ኮኾብ ብጸቢብ 59ብ56 ተዓዊታ።

ሰዒብን ብኣድሓናም ሰሎሙን እትእለ ኣይኤስኤም ኣንጻር ብሙልጌታ በረኸት እትእለ ማራታ ተጋጢመን። ማራታ ከኣ፡ ዓብላላ ብምቕራብ ናይ 55ብ44 ዓወት ሰኒዳ። ኣብዛ ጸወታ ተጻዋታይ ማራት ተማስገን ጸጋዮ 26 ሸቶታት ብምቝጻር ኣብ ዓወት ጋንታኡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ።

እዚ ውድድር ጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ብዝተፈላለዩ ግጥማት ካብ ሰዓት 7፡00 ንግሆ ጀሚሩ ክቕጽል ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## መደብ ጸወታ

ኩዕሶ ሰኪዐት ዞባ ማእከል

ሎሚ

ዩኒቨርስ - ሰሰን (2ይ ዲቪ. ደ/ኣን) 7፡00 ቅ.ቀ

ኤይኤስኤም2- ኣማኑን (2ይ ዲቪ. ደ/ኣን) 8፡00 ቅ.ቀ

ሳሊና - ተስፋ (2ይ ዲቪ. ደ/ኣን) 9፡00 ቅ.ቀ

ሳዋ - ሓሬና (1ይ ዲቪ. ደ/ኣን) 10፡00 ቅ.ቀ

ጽባሕ

ዳህላክ - ኤይኤስኤም4 (3ይ ዲቪ. ደ/ተባ) 7፡00 ቅ.ቀ

ሓሬና - ንስሪ (2ይ ዲቪ. ደ/ኣን) 8፡00 ቅ.ቀ

ደንደን - ምም/ኣርባዕተ ኣስመራ (1ይ ዲቪ. ደ/ኣን) 9፡00 ቅ.ቀ

ኣሰር - ሲቲ ሰንተር (1ይ ዲቪ. ደ/ተባ) 10፡00 ቅ.ቀ

## ኣል-ነስር ኣብ ሓደጋ

ኢንተር ሚላን፡ ኑቲ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ነስር ዝሰደደቶ ተጻዋታያ ማርሴሎ ብሮዞቪች፡ ስዑዳዊት ክለብ ኣብ መስርሕ ምስግጋር ፈጺማቶ ዝተባህለ በደል ተቐጺዓ ብምህላዋ፡ ከይሸጡቶ ክትተርፍ ከምእትኽእል ካብ ኢጣልያ ዝወጸ ዜና ኣረዲኡ።

ኣል-ነስር፡ ኣብ 2018 ንተጻዋታይ ሌስተር ሲቲ ዝነበረ ናይጀርያዊ - ኣሕመድ ሙሳ ብ14 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝገዝኣቶ ይግለጽ። ምስ ግዜ ብቐዓት እዚ ተጻዋታይ ተራእዩ ከኣ፡ ንሌስተር '390 ሽሕ ፓውንድ' ክትከፍላ ይግብኣ ምንባሩ ፊፋ የረድኡ።

ይኹን'ምበር፡ ዛጊት እዚ ተወሳኺ ገንዘብ ክትከፍሎ ከምዘይከኣለት ዝገለጸ ፊፋ፡ ካብ 2021 ጀሚሩ እዚ መጠን ገንዘብ እንተዘይከፊላቶ፡ ሓደስቲ ተጻወትቲ ካብ ምፍራም ክትእገዳ ምዃኑ ከምዝጠንቀቓ ይሕበር። ቅድሚ ውሱናት መዓልታት ኣብ ዝወጸ ሓበሬታ ከኣ፡ ላዕለዋይ ተጻዋቲ ኩዕሶ እግሪ ዝኾነ - ፊፋ፡ ውሳኔ ብምሕላፍ ኣብዛ ክረምቲ ተጻወትቲ ከይተፈርም ቀጺዕዋ ኣሎ። ብተወሳኺ እዚ መቕጻዕቲ፡ ንሰለስተ ዓመታት ማለት - ንሰለስተ ማእኮት ምስግጋር ሓደስቲ ተጻወትቲ ካብ ምፍራም ዝእግዳ እዩ።

ድሒሩ ኣብ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ'ውን፡ እዛ ጋንታ ኣብዚ ክረምቲ እቲ መቕጻዕቲ ቅድሚ ምውሳኑ ዝፈረሞቶ ተጻወትታይ ኣብ ዝርዝር ኣስማት ኣባላታ ከተመዝግቦ ኣይትኽእልን እያ። በዚ ኸኣ፡ ቅድሚ 10 መዓልታት ካብ ኢንተር ሚላን ብ18 ሚልዮን ዩሮ ዝፈረመ ክሮኤሽያዊ ማርሴሎ ብሮዞቪች ኣይክምዝገቡን እዩ - ብመሰረት ወጺኡ ዘሎ ዜና።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ምናልባት እዚ ጉዳይ ብኸምዚ እንተቐጺሉ፡ ነዚ ክሮኤሽያዊ ኣካፋሊ ንምውናን ጥሙሕ ዝነበራ እሞ፡ ብሀጡር ገንዘብ ስዑዲ ዓረብ ዝተኸልፈት እስፓኛዊት ክለብ ባርሴሎና ተረባሒት ክትከውን ከምእትኽእል ይግለጽ ኣሎ። እዚ ጉዳይ ኑታ ዝሸጡቶ ኢንተር ሚላን ዝገደሳ ከምዘይኮነ ዝገልጹ ወገናት፡ ብሮዞቪች ግና፡ ማልያ እዛ ስዑዳዊት ክለብ ለቢሱ ክጻወት ዘኽእል ኣይመስልን ይብሉ።

ህቡባት ተጻወትቲ ኤውሮጳ ከፈርማ ካብ ዝጀመራ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ሓንቲ ዝኾነት ኣል-ነስር፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ንፖርቱጋላዊ ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ዓመታዊ 173 ሚልዮን ፓውንድ ብምኽፋል ናብ ወሽመጥ ዓረብ ከምዝምጽኦቶ ይፍለጥ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ምስ ዚምባብወ ሓያል ስምምዓት ከቲማ

ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራኢሲ፡ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ኣፍሪቃ ዑደት ኣብ ዘካየደሉ እዋን፡ ምስ ፕረዚደንት ዚምባብወ ተራኺቦ ሸርክና ክልቲአን ሃገራት ንምዕባይ ዘኽእል 12 ስምምዓት ከምእተፈራረመ ተገሊጹ።

ክልቲኣም መራሕቲ ኣብ ርክቦም፡ ኣብ ጽላታት ጸዓት፡ ሕርሻ፡ መድሃኒትን ቴሌኮሙኒኬሽንን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ፕሮጀክትታት ምርምር፡ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዘተኮረ ስምምዓት ከምዝኸተሙ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ዚምባብወን ኢራንን ጉዳይ በይናኣዊ እገዳታት ኣመሪካ ኩይነን ካብ ዘለዋ ሃገራት ምዃነን ይፍለጥ።



"ምስ ዚምባብወን ምስታ ዓቕሚ ዝመልኣ ኣህጉር ኣፍሪቃን ዘለና ምትሕብባር ምዕባይ፡ ንናይ ክልተና ምዕባለ ክሕግዘና ይኽእል'ዩ" ክብል፡ ፕረዚደንት ራኢሲ ኣብ ዚምባብወ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዚምባብወ ኢመርሶን ምናንጋግዋ ብወገኑ፡ ኢራን ኣብ ዚምባብወ ንእትገብሮ ወፍሪ ብሓጎስ ከምዝቕበሎ ገሊጹ።

ኣፈኛ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ናስር ከናኒ ድማ፡ ንዑደት ፕረዚደንት ራኢሲ፡ "ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ቁጠባውን ንጉዳውን ርክብ ከሐይልድል ዘኽእለና ሓድሽ ኣጋጣሚ'ዩ" ክብል ገሊጽዎ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኢራንን ሰለስቲአን ሃገራት ኣፍሪቃን ሓባራዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ከምዝለወን ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ራኢሲ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ እውን ምስ መራሕቲ ኬንያን ኡጋንዳን ዝተፈላለየ ስምምዓት ከምዝኸተመ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ፕረዚደንት ራኢሲ ኣብ ኣፍሪቃ ዑደት ክፍጽም ዝኸኣለ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰለ ናብ ሰለስተ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ማለት ኩባ፡ ኒካራግዋን ቬንዙዌላን ድሕሪ ምብጻሑ እዩ።

## ኣውስትራልያ፡ ንማእከላይ ባንክ እተመሓድር ቀዳመይቲ ጓል-ኣንስተይቲ መሪጻ

መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ኣብ ውሽጢ 63 ዓመታት ንፈለማ እዋን ንማእከላይ ባንክ ሃገሩ እተመሓድር ጓል-ኣንስተይቲ ከምዝመረጸ ተገሊጹ።



ኣብቲ ማእከላይ ባንክ ንዳሕሳ ዓመታት ከም ክኢላ ሰራሕተኛ ኮይና ዘገልገለት ሚሸል በሎክ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ መስከረም እያ ነቲ ስልጣን ክትረክብ።

በሎክ ብዓርቢ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ "ኣብዚ ኣገዳሲ ስራሕ ብምምዛዘይ ኣዝዩ ክብሪ ይስመዓኒ" ክትብል ገሊጻ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እታ ሃገር ኣንቶኒ ኣልባኒስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ድማ፡ ንበሎክ "ብልጽቲ መራሒትን ክኢላ ሰብ-ቁጠባን" ክብል መጒሶዋ።

በሎክ ካብ ዩኒቨርሲቲ ኒው ኢንግላንድ ድሕሪ ምምራቓ እያ ኣብ 1985 ናብቲ ማእከላይ ባንክ ተጸንቢራ።

ንሳ ኣብ ሚያዝያ 2022 ናይ ፈለማ ጓል-ኣንስተይቲ ምክትል ኣመሓዳሪት ኮይና ቅድሚ ምምዛዛ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት እቲ ባንክ ከምዝሰርሐት እዩ ዝነገረ።

## ተዋሳእቲን ደረስቲን 'ሆሊዉድ' ኣድማ የካይዱ

ተዋሳእቲን ደረስቲን ፊልም ኢንዳስትሪ 'ሆሊውድ'፡ ኣብ ውሽጢ 60 ዓመት ኣብ ታሪኽ እቲ ኢንዳስትሪ ተራእዩ ዘይፈልጠ ኣድማ የካይዱ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

'ኤስኤይጂ' ዝተባህለ ማሕበር ተዋሳእቲ ፊልም ዘፍርዮ ትካላት ፍትሓዊ ክፍሊት ገንዘብ ክሀልዎምን ዝሓሸ ኩነታት ስራሕ ክፈጥሩን እዩ ጸውዒት ዘቕረበ ዘሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ኢንዳስትሪ ሰብ ሰርሖ-ብልሒ (ኣርተፊሻል ኢንተለጀንስ)፡ ብኮምፒዩተር ዝተሰንዑ ገጻትን ድምጺታትን ንተዋሳእቲ ተኪኦም ከይሰርሑ'ውን እዩም ዝሓቱ ዘለው።

በዚ ድማ፡ ልዕሊ 160 ሽሕ ተዋሳእቲ ስራሕ ደው ናይ ምባል ስጉምቲ ክወስዱ ምዃኖም፡ እቲ ማሕበር ይገልጽ ኣሎ።

እቲ ስጉምቲ፡ መብዛሕትኦም ንጥረታት ስራሕ ፊልምን ቴሌቪዥንን ኣመሪካ ደው ክብሉ ከገድድ ምዃኑ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ካልእ 11,500 ኣባላት ዘለውዎ ማሕበር ደረስቲ (ራይተርስ ጊልድ ኣመሪካ) ድማ፡ 'ዝሓሸ ደሞዝን ኩነታት ስራሕን ይፈጠረልና' ዝብል ኣድማ ካብ 2 ግንቦት 2023 ጀሚሩ የካይድ ከምዘሎ ይግለጽ።

እቲ ብኽልቲኦም ማሕበራት ዝካየድ ዘሎ ኣድማ፡ ድሕሪ እቲ ኣብ 1960 ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ኣድማ ናይ ፈለማ ምዃኑ'ዩ ዝሕበር።




## ው.ሕ.ሃ፡ ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ሶርያ ከእቱ ተፈቒድሉ

መንግስቲ ሶርያ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዕጡቓት ተቓወምቲ ዝርከብ ሰሜናዊ ምዕራብ እታ ሃገር፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዘቐጽል ሽዱሽተ ኣዋርሕ ምስ ቱርኪ ብዝዳወብ ከባቢታት ኣቢሉ ሰብኣዊ ሓገዝ ከእትወሉ ከምዝፍቀደ ተገሊጹ።

ይኹን እምበር፡ እቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝካየድ መስርሕ ምትሕልላፍ ሰብኣዊ ሓገዛት፡ "ምስ መንግስቲ ሶርያ ምሉእ ምትሕብባርን ምውህሃድን ብምፍጣር ክኸውን ኣለዎ" ክብል፡ ኣምባሳደር ሶርያ ኣብቲ ውድብ ባሳም ሳባግ ዝሓለፈ ሓሙስ ናብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ሓቢሩ።




ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ብጉዳይ ሶርያ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ በበይኑ መርገጺታት ሒዙ ምጽንሑ እዩ ዝገለጸ።

ኣብቲ 15 ኣባል ሃገራት ዝሓቖፈ ባይቶ ጸጥታ፡ እቲ ብዘይ ፍቓድ መንግስቲ ሶርያ መግቢ፡ ማይን መድሃኒትን ናብቲ ተቓወምቲ ዝቆጻጸርዎ ክፋል ሶርያ ንምእታው ምሉእ ክብጻሕ ዝፈቅድ ሰርሒት ሕቡራት ሃገራት ኣካታዒ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቱርኪን ሰሜናዊ ክፋል ሶርያን ዘጋጠመ ሰፊሕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣብ ሶርያ ከቢድ ማሕበራዊ-ቁጠባዊ ቅልውላው ኣስዒቡ ምንባሩ ይሕበር።

እቲ ስምምዕ ኣብቲ ፈለማ ሰብኣዊ ሓገዝ ብኣርባዕተ መእተዊ ኣቕጣጫታት ክኣቱ ዘፍቅድ እኳ እንተነበረ፡ ኣብዚ ግዜ ግን መንገዲ 'ባብ ኣል-ሃዋ' ጥራይ ከም መተሓላለፊ መስመር ኮይኑ የገልግል ከምዘሎ ይፍለጥ።

## ህ.ሪ. ቻይና፡ ምስ ደሴታት ሰሎሞን ንዘለዋ ጸጥታዊ ምትሕግጋዝ ከተሐይሎ ወሲና

መንግስቲ ደሴታት ሰሎሞን፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና - ንድሕነት ሳይበርን ምምዕባል ኣባላት ፖሊስን ሃገሩ ኣብ ምሕያል ዝጸንሓ ተሳትፎ ክተዕቢ ምዃና ገሊጹ።

እቲ መንግስቲ ኣብዚ ዝገለጾ ሃገሩ ምስ ቻይና ዝኸተሞ ኣብ ምምዕባል ፖሊስ ሃገሩ ዘተኮረ ስምምዓት፡ ንጸጥታ ዞባ ፓስፊክ ኣሰጋኢ ምዃኑ ዝገልጽ - ብተቓወምቲ፡ ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ንዝቐረበ ነቐፌታ ድሕሪ ምንጻጉ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እተን ሃገራት፡ መንግስቲ ደሴታት ሰሎሞን ንዝርዝራዊ ትሕዝቶ ናይቲ ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ቤይጂንግ ዝተኸተመ ጸጥታዊ ስምምዓት ብቕልጡፍ ክዝርግሕ ጸውዒት ኣቕሪበን ኣለዋ።

ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ሶጋቫረ ብዓርቢ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ምስ ቻይና ንዝጸንሓ ጸጥታዊ ሸርክነት ተስፋሕ ከምዝኣነ፡ ፖሊስ ቻይና ድማ ነቲ ደገፍ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ዝጸንሖ ፖሊስ እታ ደሴት ተወሳኺ




ሓገዝ ይጉብረሉ ምህላወን ገሊጹ።

"መንግስቲ ደሴታት ሰሎሞን ምስ ቻይና ዝኸተሞ ንምምሕያሽ ስርዓት-ምቁጽጻርን ምሕደራን ትራፊክ፡ ምቕራብ መሳርሒታት ፖሊስን ምምዕባል ቤት-ፈተነ መርመራ ሬሳን ዝምልከት ስምምዓት፡ ንሰላምን ጸጥታን ዞባ ፓስፊክ ብኸመይ ኣሰጋኢ ክኸውን ከምዝኽእል ክርድኦ ኣይከኣለን" ክብል፡ እቲ ካብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝወጸ መግለጺ የረድእ።

ኣብ 2021 ኣብ ሆኒያራ - ርእሰ-ከተማ ደሴታት ሰሎሞን ዘጋጠመ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ኣብ ፖሊስ እታ ሃገር ንዘጸንሐ ድኽም ኣቃውማ ከምዝቃልዖ እዩ ዝገለጸ።

በዚ ድማ፡ ፖሊስ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ብሕቶ ፕረዚደንት ሶጋቫረ መሰረት፡ ነቲ ናዕቢ ንምግታእ ኣብታ ሃገር ከምእተዋፈረ ይዝከር።

ፕረዚደንት ሶጋቫረ ናብ ቻይና ቅድሚ ምብጋሱ፡ ኣብ መዳይ ጸጥታ ምስ ኣውስትራልያ ንዝተበጽሐ ስምምዕ ዳግማይ ክግምግሞ ምዃኑ ኣፍሊጡ ነይሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ- ኣውሊዕ | 15/07/2023 | ግደና ዓ.ዲ. ኣቤቶ ቁ. ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565